ሃገረ ኤርትራ
ሚኒስትሪ ትምህርቲ

# ቍጽሪ ን3ይ ክፍሊ

# መጽሓፍ ተማሃሮ

Copyright © Ministry of Education 2016

All rights reserved; no part of this publication may be reproduced, stored in a retrieval system, or transmitted in any form or by any means, electronic, mechanical, photocopying, recording, or otherwise, without the prior written permission of the publisher.

This book is written by the Ministry of Education, Department of General Education Curriculum Planning and Development Division.

The Ministry of Education gratefully acknowledges the assistance of the following, and any others who have helped in any way in the preparation of the book:

- Textbook Review Workshop participants
- Curriculum Core Team member
- Consultants
- Illustrators
- DTP staff
- Designers
- Quality Review committee

Reprinted in 2016 Sabur Printing press, Asmara Eritrea

**ISBN: 99948-1-157-6**

# መእተዊ

እዛ ናይ ሳልሳይ ክፍሊ መጽሓፍ ቍጽሪ በዚ ሓድሽ ስርዓት-ትምህርቲ፡ ንተማሃሮ ዘማእከለን ኣሳታፍን ብዝኾነ ኣገባብ ቀሪባ ኣላ። እዚ ኣገባብ እዚ ከኣ ተማሃሮ ንጡፍ ናይ ምብልሓት፡ ምምርማርን ኣተሓሳስባ መስርሕን ምፍታሕ ግድላትን ከማዕብሉ ዝሕግዝ እዩ።

ነዚ ንምትግባር ከኣ ካብ ቅልል ዝበሉ ኣምራት ናብ ክብድ ዝበሉ ዘምርሑ  ኣገባባት ኣለዋ። እዚ ኣካይዳ እዚ ንተማሃሮ ቀንዲ ትርጉም ናይቲ ዝማሃርዎ ትምህርቲ ክፈልጡን ከለልዩን ዝሕግዝ እዩ።

ኣብዛ መጽሓፍ ነቶም 5 ዓምድታት ናይ ቍጽሪ፡ ማለት ምቍጻር፡ ኣልጀብራ፡ መዐቀኒታት፡ ጂኦሜትሪን ምእካብን ምምዝጋብን ሓበረታን ብ11 ምዕራፋት ተመዲቦም ተዳልዮም ኣለዉ። ተማሃሮ ኣብ ሕቶታት ምንባብን ምምላስን ወይ ከኣ ኣብ ኣርባዕተ ተግባራት ቍጽሪ ልምምድ ኣብ ምግባርን ጥራይ ምእንቲ ከይሕጸሩ፡ ዝያዳ ክሓስቡን ክሰርሑን ኣብ ነፍሲወከፍ ምዕራፍ ብዙሓት ንጥፈታት ብስእላዊ መግለጺታት

ተሰንዮም ቀሪቦም ኣለዉ። እዞም ንጥፈታት እዚኣቶም ተማሃሮ በቲ ዘሎዎም መባእታዊ ፍልጠት ክረዳድኡን ተግባራዊ ንክገብርዎም ዘኽእልዎም መሳለጢያታት ክጥቀሙ ከም ዝኽእሉ ኮይኖም ተዳልዮም ኣለዉ። ፍሉይ ኣተኩሮ ዘድልዮም ኣምራት ከኣ ብፍሉይ ኣብ ሳንዱቕ ተጻሒፎም ቀሪቦም ኣለዉ።

ተማሃሮ ብውልቒ፡ ብጕጅለ፡ ብሕብረት ከምዝሰርሑ ብምግባር፡ ኣብ ክፍሊ ይኹን ካብ ክፍሊ ወጻኢ ከምዝዋስኡ ምትብባዕን፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ምዕራፍ በብግዜኡ ከከም ኣገዳስነቱ ዘድሊ ገምጋም ንምክያድን ብቕዓት ተማሃሮ ንምግምጋምን ኣብ መወዳእታ ናይ ነፍሲወከፍ ምዕራፍ መጠቓለሊ ሕቶታት ኣለዉ። ነዚ ከኣ ብግቡእ ክስራሕ ኣለዎ።

ነዚ ሓጋዚ ዝኸውን ምስ መጽሓፍ ተሳንያ ትኸይድ ናይ መምህር መምርሒ፡ ስለዘላ መምህራን ብግቡእ ክጥቀምላ ይግባእ።

ወለዲ ኮነ ካልእ ኣብ ምምሃር ቊጽሪ ዝግደስ ሰብ፡ ነዞም ኣብዛ መጽሓፍ ዘለዉ ንጥፈታት ዕላማኦም ተግባራዊ ምእንቲ ክኸውን ተማሃሮ ኣብ ክፍልን ካብ ክፍሊ ወጻእን ብግቡእ ክትግብርዎ ምትብባዕን ምእላይን የድሊ።

ኣብ'ዛ መጽሓፍ ኣብ ትሕዝቶኣ ኮነ ኣብ ኣቀራርባኣ ከማሓይሽ ወይ ከማዕብል ዝኽእል ዝኾነ ርእይቶ ንቕበል።

# ሰሌዳ ትሕዝቶ


| ትሕዝቶ | ገጽ |
|---|---|
| 1. ምቍጻር ክሳብ ዓዲ 10,000 --- --- --- -- -- | 1 |
| 1.1 ምቍጻር 1000 — 10,000 --- --- --- - | 1 |
| 1.2 ዓድታት ቍጽርታት --- --- --- --- --- -- | 7 |
| 2. ምድማር --- --- --- --- --- --- --- --- --- -- | 17 |
| 2.1 ምድማር ብዘይ ይጽንሓለይ --- --- --- - | 17 |
| 2.2 ምድማር ብይጽንሓለይ --- --- --- -- | 19 |
| 3. ምጉዳል --- --- --- --- --- --- --- --- --- - | 26 |
| 3.1 ምጉዳል ብዘይ ምልቃሕ --- --- --- --- | 26 |
| 3.2 ምጉዳል ብምልቃሕ --- --- --- --- --- -- | 30 |
| 4. ምርባሕ -- --- --- --- --- --- --- --- --- --- | 37 |
| 4.1 ብሓደ ኣሃዝ ምርባሕ --- --- --- --- --- - | 37 |
| 4.2 ክልተ ወይ ሰለስተ ኣሃዝ ዘሎዎም ቍጽርታት ብሓደ ኣሃዝ ምርባሕ --- --- | 41 |
| 4.3 ብክልተ ኣሃዝ ምርባሕ --- --- --- --- --- | 44 |

5. ምምቃል --- --- --- --- --- --- --- --- --- -- 51
5.1 ብሓደ ኣሃዝ ምምቃል --- --- --- --- 51
5.2 ተረፍ ዘሎዎም ቍጽርታት ምምቃል 55

6. ጕዚ --- --- --- --- --- --- --- --- --- --- -- 61
6.1 ምልላይ ጕዝታት --- --- --- --- --- --- 61
6.2 ምድማርን ምጕዳልን ጕዝታት --- --- - 77

7. ጂኦሜትሪ --- --- --- --- --- --- --- --- --- - 81
7.1 ሕንጻጻት --- --- --- --- --- --- --- --- - 81
7.2 ኵርናዕ --- --- --- --- --- --- --- --- --- 86
7.3 ስሉስ ኵርናዕ --- --- --- --- --- --- --- 89
7.4 ርቡዕ ኵርናዕ --- --- --- --- --- --- --- 92
7.5 ምልላይ ቅርጽታት --- --- --- --- --- -- 96
7.6 ዝመሳሰሉ ቅርጽታት --- --- --- --- --- 97
7.7 ብኹሉ ማዕረ ዝኾኑ ቅርጽታት --- --- 101

8. መዐቀኒታት --- --- --- --- --- --- --- --- - 106
8.1 ንውሓት --- --- --- --- --- --- --- --- - 106
8.2 ክብደት --- --- --- --- --- --- --- --- -- 115
8.3 ቅጺ --- --- --- --- --- --- --- --- --- -- 120

9. ግዜ -- --- --- --- --- --- --- --- --- --- --- 127

10. ገንዘብ --- --- --- --- --- --- --- --- --- --- 133

11. ምምዝጋብን ምምስራሕን ሓበሬታ --- --- - 143

11.1 ምምዝጋብ ሓበሬታ --- --- --- --- -- 143

11.2 ተኸእሎታት --- --- --- --- --- --- --- 147

# ምዕራፍ 1

# ምቍጻር ክሳብ ዓዲ 10000

**<u>ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢት ምህሮ</u>**

ኣብ መወዳእታ ናይዚ ምዕራፍዚ ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢታት፣

ሀ) ክሳብ ዓዲ 10,000 ዝበጽሑ ቍጽርታት ብትኽክል ምንባብን ምጽሓፍን፣

ለ) ክሳብ ዓዲ 10,000 ዝበጽሑ ቍጽርታት ምስራዕን ምውድዳርን:

## 1.1 ምቍጻር 1000 — 10,000

### ንጥፈት1.1

1. ኣንብቡ: ጽሓፉ: ኣወዳድሩ።

ከምዞም ዝስዕቡ ካርድታት ኣዳልዉ፣

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1 | 2 | 4 | 6 | 9 |
| 0 | 3 | 5 | 7 | 8 |

ሀ) ነዞም ካርድታት ሓዊስኩም ንቑልቑል ገጾም ድፍእዎም።



ለ) ዝኾኑ 3 ካርድ እናኣልዓልኩም 3 ኣሃዝ ዘለዎም ዝተፋላለዩ ቁጽርታት ስርሑ።

ንኣብነት ኣነ ነዚኦም ሰሪዐ።




ኣሕመድን ሳራን ነዞም ዝስዕቡ ቁጽርታት ሰሪዮም።

| | | |
|---|---|---|
| 4 | 5 | 9 |

| | | |
|---|---|---|
| 3 | 0 | 5 |

| | | |
|---|---|---|
| 1 | 7 | 4 |

| | | |
|---|---|---|
| 6 | 2 | 3 |

| | | |
|---|---|---|
| 9 | 8 | 0 |

ሐ) እቲ ዝዓበየ ቁጽሪ ክንደይ እዩ፧

መ) እቲ ዝነኣሰ ቁጽሪ ክንደይ እዩ፧




*እዚ “>“ ናይ ይዓቢ ምልክት እዩ።*
*980 >174 ከኣ ንጽሕፎ።*
*980 ካብ 174 ይዓቢ ተባሂሉ ከኣ ይንበብ።*

እዚ ”< “ ናይ ይንእስ ምልክት እዩ።
174 < 980 ከኣ ንጽሕፎ።
174 ካብ 980 ይንእስ ተባሂሉ ከኣ ይንበብ።



2. በዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ኣሃዛት ማለት፡ 0፡ 8፡ 9 ተጠቒምኩም ዝተፈላለዩ 3 ኣሃዛት ዘለዎም ቊጽርታት ስርሑ።




ሀ) እቲ ዝዓበየ ቊጽሪ ክንደይ እዩ፧

ለ) እዩ እቲ ዝነኣሰ ቊጽሪ ክንደይ እዩ፧

3. ኣርባዕተ ካርድ ኣልዕሉ። ነቶም ዘልዓልኩምዎም ካርድታት እንዳጋጠምኩም 4 ኣሃዝ ዘለዎም ቍጽርታት ስርሑ። ነቶም ዝሰራሕኩምዎም ቍጽርታት ኣንብብዎም።

ሳራ፡ ንኣብነት ቍጽርታት 5፡ 2፡ 3፡ 4 ዝተጻሕፎም ካርድታት ኣልዒላ ከምዚ ዝስዕብ ከኣ ኣንቢባቶን ጽሒፋቶን።

| | | | |
|---|---|---|---|
| 5 | 2 | 3 | 4 |




4. ነዞም ዝስዕቡ ቍጽርታት ኣንብብዎም።

| | | | |
|---|---|---|---|
| 7 | 9 | 6 | 5 |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 3 | 4 | 5 | 6 |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 2 | 3 | 4 | 1 |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1 | 4 | 6 | 9 |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 8 | 1 | 0 | 2 |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 6 | 1 | 2 | 0 |

ሀ) ነቲ ዝዓበየ ቍጽሪ ጽሓፍዎ።

ለ) ነቲ ዝነኣሰ ቍጽሪ ጽሓፍዎ።

ሐ) ካብ ዝነኣሰ ናብ ዝዓበየ ሰሪዕኩም ጽሓፍዎም።

5. ደድሕሪ 998 ቀጺሉ ዝመጽእ ቍጽሪ ክንደይ እዩ፧

6. እቲ ዝዓበየ በዓል 3 ኣሃዝ ቍጽሪ ክንደይ እዩ፧

7. ደድሕሪ 999 ዝመጽእ ቍጽሪ ክንደይ እዩ፧

8. ኣብ ዓንበርበብ ጋራጅ ካብ ዘለዋ መካይን እዘን ዝስዕባ እየን።




ሀ) ናይ ነፍስወከፍ ማኪና ናይ ጎኒ ቍጽሪ ኣንብቢብኩም ጽሓፉ።

ለ) ክንደይ ዝቍጽራ መኪና ትመርጹ፧

ሐ) ዝለዓለ ቍጽሪ ጐድኒ መኪና ክንደይ እዩ፧

መ) ዝነኣሰ ቍጽሪ ጐድኒ መኪናኽ ክንደይ እዩ፧

ረ) ናይዘን መካይን ናይ ጐድኒ ቍጽረን ካብ ዝነኣሰ ጀሚርኩም ናብ ዝዓበየ ጽሓፍወን።

9. ነዞም ዝስዕቡ ቍጽርታት

4000፡ 6000፡ 3000፡ 7000፡ 5000፡ 8000፡ 9000

ሀ) ንብጾትኩም ኣንብብሎም።

ለ) ቀጺልኩም ከኣ ኣብ ካርድ ጽሓፍዎም።

ሐ) በቲ ዝነኣሰ ጀሚርኩም ብቕደም ተኸተል ስርዕዎም።

10. ነዞም ዝስዕቡ መሳርዕ ቍጽርታት መልእዎም።

ሀ) 100፡ 200፡ 300፡ ____፡ _____፡ _______

ለ) 50፡100፡150፡ 200፡ 250፡300፡350 ___፡___፡ __

ሐ) 6000፡ 7000፡ 8000፡ 9000፡_______፡ _______

መ) 678፡ 688፡ 698፡ _______፡ _____፡ _______

ረ) 543፡ 563፡ 583፡ _______፡ _______፡ _______

11. ነዞም ዝስዕቡ መሳርዕ ቍጽርታት መልእዎም።

ሀ) ___፡ _____፡ ______፡ 470፡480፡ 490

ለ) ___፡ _____፡ ______፡ 2564፡ 2664፡ 2764

ሐ) ___፡ _____፡ ______፡ 8349፡ 8549፡ 8749

መ) ___፡ _____፡ ______፡ 7561፡ 8561፡ 9561

# 1.2 ዓድታት ቍጽርታት

## ንጥፈት 1.2

1. ነዚ ዝስዕብ ንመልከት፡




758 = 700 + 50 + 8

ኣብ 758 ቍጽሪ 7 ንዓዲ ሚቲ ይውክል።

ሀ) ቍጽሪ 5‘ኸ ንዓዲ ክንደይ ይውክል፡ ______

ለ) ቍጽሪ 8’ኸ ንዓዲ ክንደይ ይውክል፡ ______

2. ኣብ 5482፡




ሀ) ቍጽሪ 8 ንዓዲ ክንደይ ይውክል፡______

ለ) ቍጽሪ 4’ኸ ንዓዲ ክንደይ ይውክል፡______

ሐ) ቍጽሪ 5’ኸ ንዓዲ ክንደይ ይውክል፡______

መ) ቍጽሪ 2’ኸ ንዓዲ ክንደይ ይውክል፡______

3. ካብዞም ዝስዕቡ ቊጽርታት፥

43782: 2534: 5243: 4327

ሀ) ቊጽሪ 2 ንዓዲ ክንደይ ይውክል፧

ለ) ቊጽሪ 4 ንዓዲ ክንደይ ይውክል፧

ሐ) ቊጽሪ 3 ንዓዲ ክንደይ ይውክል፧

4. ነዚ ዚስዕብ ሰንጠረዥ ምልእዎ።

| ቊጽሪ | ዓዲ ዓሰርተ ሽሕ | ዓዲ ሽሕ | ዓዲ ሚእቲ | ዓዲ ዓሰርተ | ዓዲ ሓደ |
|---|---|---|---|---|---|
| 6 | | | | | 6 |
| 25 | | | | 2 | 5 |
| 173 | | | 1 | | |
| 5268 | | 5 | | 6 | |
| 38459 | 3 | | 4 | | 9 |

## ንጥፈት1.3

1. ነዞም ዝስዕቡ ዝጎደሉ ቦታታት ምልእዎም።

ሀ) ኣብ 3456፥ 3 ነናይ ሽሕ፥ 4 ነናይ ሚእቲ፥ 5 ነናይ ዓሰርተን 6 ነናይ ሓደን ኣለና።

ለ) ኣብ 4898፡ __ ነናይ ሽሕ፡__ ነናይ ሚእቲ፡__ ነናይ ዓሰርተን፡ ___ ነናይ ሓደን ኣለና።

ሐ) ኣብ 7052፡ ___ነናይ ሽሕ፡___ ነናይ ሚእቲ፡ __ነናይ ዓሰርተን፡ ___ ነናይ ሓደን ኣለና።

መ) ኣብ 6803፡ ___ነናይ ሽሕ፡___ነናይ ሚእቲ፡ __ነናይ ዓሰርተን፡ __ ነናይ ሓደን ኣለና።

2. ነዞም ዝስዕቡ ቍጽርታት፡ ኣብ ዓድታቶም ጽሓፍዎም።

| ቍጽሪ | ዓዲ ዓሰርተ ሽሕ | ዓዲ ሽሕ | ዓዲ ሚእቲ | ዓዲ ዓሰርተ | ዓዲ ሓደ |
|---|---|---|---|---|---|
| 4896 | | | | | |
| 31602 | | | | | |
| 43398 | | | | | |
| 20700 | | | | | |
| 18000 | | | | | |
| 90894 | | | | | |
| 70029 | | | | | |

3. ፋጥና ሸቃጢት እንቋቑሖ እያ። ንሳ 450 እንቋቑሖ ኣብ ሓደ ዓቢ ዘንቢል፡ 235 እንቋቑሖ ከኣ ኣብ ንእሽቶይ ዘንቢል ኣለዋ።




ሀ) ፋጥና ብድምር ክንደይ እንቋቑሖ ኣለዋ፧_____

ለ) ፋጥና___ ነናይ ሚእቲ፡ ___ነናይ ዓሰርተ፡ ____ ነናይ ሓደ እንቋቑሖ ኣብ ዘናቢላ ኣለዋ።

4. ትርሓስ ኣብ ቤት መሸጣ መድሃኒት ትሰርሕ። ንሳ መድሃኒት፡ በብዓሰርተ ሽሕ፡ በብሽሕ፡ በብሚእቲ፡ ከምኡውን፡ በብዓሰርተ እንዳገበረት ኣዳልያ ተቐምጥ።






ሀ) ትርሓስ ___ ነናይ ዓሰርተ ሽሕ: ___ ነናይ ሽሕ:___ ነናይ ሚእቲን: ____ነናይ ዓሰርተን መድሃኒት ኣብ ቤት መሸጣ መድሃኒታ ኣለዋ።

10000 + 3000 + 500+40 = 13540

መድሃኒት ኣለዋ።

ለ) ትርሓስ 80460 መድሃኒት ኣብ ቤት መሸጣ መድሃኒታ ኣለዋ። ንሳ: ___ ነናይ ዓሰርተ ሽሕ፣ ___ ነናይ ሽሕ፣ ___ ነናይ ሚእቲ፣ ___ ነናይ ዓሰርተ፣ መድሃኒት ኣብ ስራሓ ኣለዋ።

80000 + 400 + 60 =__________

`ሐ) ትርሓስ 6 ነናይ ሽሕ፣ 9 ነናይ ሚእቲ፣ 5 ነናይ ዓሰርተ መድሃኒት ኣለዋ። ትርሓስ ብድምር ___ መድሃኒት ኣለዋ።

5. ነዞም ዝስዕቡ ቍጽርታት ጠርኒፍኩም ጽሓፍውም።

ሀ) 3000 + 800 + 90 + 4 = 3894

ለ) 6000 + 200 + 10 + 9 = _____

ሐ) 70000 + 5000 + 800 + 20 + 3 = ___

መ) 60000 + 4000 + 100 + 50 = ______

ረ) 10000 + 700 + 30 + 6 = ________

6. ነዞም ዝስዕቡ ቍጽርታት ዘርዚርኩም ጽሓፍዎም።

ሀ) 2456 = 200 + 400 + 50 + 6

ለ) 791 ሐ) 30568

መ) 9807 ረ) 4006

7. ነዞም ዝስዕቡ ብኣሃዝ ጽሓፍዎም።

ሀ) ሸውዓተ ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ትሻዓተን።

ለ) ሽዱሽተ ሽሕን ኣርባዓን ክልተን።

ሐ) ክልተሽሕን ሓሙሽተን።

መ) ሰብዓን ክልተን ሽሕን ሳላሳን ሽዱሽተን።

8. ቅድሚ እዞም ተጻሒፎም ዘለዉ ቍጽርታት ዝመጹ ቍጽርታት ጽሓፍዎም።

ሀ) ____፡ 678 ለ) ___፡ 5499 ሐ)____፡ 99

መ) ___፡ 1000 ረ) ___፡ 7089 ሰ) ___፡1249

ሸ) ____፡ 9709 ቀ) ___፡ 9999 በ) ___፡1009

9. ነዞም ዝስዕቡ ብቕድሚኦምን ብድሕሪኦምን ዘለዉ ቍጽርታት ጽሓፉ።

ሀ) ____፡ 5900፡ ____ ለ) ____፡ 7030፡ _____

ሐ) ____፡ 8999፡ ____ መ) ____፡ 18001፡ ___

ረ) ____፡ 21075፡ ____ ሰ) ____፡ 92043፡ ____

10. ስዒቦም ዝመጹ ቍጽርታት ጽሓፍዎም።

ሀ) 112፡ 114፡ 116፡ ____፡ _____፡ ______

ለ) 700፡ 703፡ 706፡709፡ ____፡ _____፡ ____

ሐ) 8900፡ 8903፡ 8906፡ ___፡ ____፡ 8915፡ ____

መ) 6550፡ 6560፡ 6570፡ ____፡ 6590፡ ____

ረ) 7470፡ 7475፡ ____፡ _____፡ 7490፡ ____

ሰ) 4690፡ 4790፡ ____፡ _____፡ 5090፡ ____

11. ነዞም ዝስዕቡ ቍጽርታት ብዝነኣሰ ጀሚርኩም ናብ ዝዓበየ ስርዕዎም።

ሀ) 5987፡ 5897፡ 5789፡ 5908፡ 500

ለ) 9850፡ 7200፡ 4300፡ 1150፡ 10000

ሐ) 5400፡ 5399፡ 8200፡ 5000፡ 699

መ) 1024፡ 1725፡ 1634፡ 1199፡ 1200

12. ነዞም ዝስዕቡ ቍጽርታት ካብ ዝዓበየ ጀሚርኩም ናብ ዝነኣሰ ስርዕዎም።

ሀ) 4768፡ 6768፡ 5618፡ 8192

ለ) 3456፡ 7314፡ 4300፡ 6456

ሐ) 1134፡ 1824፡ 1013፡ 2134

መ) 3400፡ 1700፡ 6200፡ 5000

13. ነዞም ዝስዕቡ ቍጽርታት " = " ወይ " < " ወይ " > " ምልክት ተጠቒምኩም ኣወዳድሩ።

ሀ) 6000 __ 5999 ለ) 4800 __ 4989

ሐ) 3005 __ 5003 መ) 2980 __ 2890

ረ) 7001 __ 7010 ሰ) 4000 + 375__ 43750

## ንጥፈት1.4

## መጠቓለሊ ሕቶታት

1. ነዞም ዝስዕቡ ቍጽርታት ብፊደል ጽሓፉ።

   ሀ) 90020   ለ) 47,081   ሐ) 60,503

2. ነዞም ዝስዕቡ ብኣሃዝ ጽሓፉ።

   ሀ) ሰብዓ ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ሸዱሽተን

   ለ) ሳላሳን ሸሞንተን ሽሕን ኣርባዓን ክልተን

   ሐ) ሰማንያ ሽሕን ሓሙሽተን

3. ኣብ ነፍሲወከፍ ቍጽሪ 8 ንዓዲ ክንደይ ይውክል፡

   ሀ) 78,346   ለ) 83,251

   ሐ) 102,894   መ) 765,385

4. ነዞም ቍጽርታት ብዝነኣሰ ጀሚርኩም ናብ ዝዓበየ ስርዕዎም።

   88342 ፡ 89860 ፡ 87297 ፡ 89796 ፡ 89859

5. ነዞም ዝስዕቡ ቍጽርታት ጠርኒፍኩም ጽሓፉ።

ሀ) 70000 + 600 + 50 + 9 = _____

ለ) 10000 + 40 + 3 = _____

ሐ) 20000 + 3000 + 7 = _____

መ) 50000 + 900 + 10 + 8 = _____

6. ነዞም ዝስዕቡ “<” ወይ “>“ወይ “=“ ተጠቒምኩም ኣወዳድሩ።

ሀ) 67,929 __ 68,349

ለ) 80,056 __79,986

ሐ) 69,999 +1 __ 70,000

መ) 80009__ 80010

# ምዕራፍ 2

# ምድማር

**ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢት ምህሮ**

ኣብ መወዳእታ ናይዚ ምዕራፍዚ ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢታት፡

ሀ) ዓድታት ብምጥቃሞ ናይ ምድማር ተግባራት ይጽናሓለይ ዘይብሎምን ዘሎዎምን ምስራሕ፡

ለ) ናይ ምድማር ኣምር ምስ ዉዱዓት ነገራት ብምውህሃድ ግድላት ምፍታሕ።

## 2.1 ምድማር ብዘይ ይጽንሓለይ

### ንጥፈት 2.1

1. ኣቶ ዓማር ንተማሃሮኦም ነዞም ዝስዕቡ ጽምዲ ቍጽርታት ንክድምርዎም ሓቢረሞም።

   ሀ) 3452 ምስ 2323 ለ) 2463 ምስ 5214

   ሐ) 4521 ምስ 2458

ኑራ ብኸምዚ ዝስዕብ ገይራ ሰሪሓቶም።

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሀ) 3452 | 3452 | 3452 | 3452 |
| +2324 | +2324 | +2324 | +2324 |
| 6 | 76 | 776 | 5776 |

| | |
|---|---|
| ለ) 2463 | ሐ) 4521 |
| +5214 | +2458 |
| 7677 | 6979 |

ኑራ ንትኹል ዓዲ ሓደ ምስ ዓዲ ሓደ፡ ዓዲ ዓሰርተ ምስ ዓዲ ዓሰርተ፡ ዓዲ ሚእቲ፡ ምስ ዓዲ ሚእቲ፡ ዓዲ ሽሕ ምስ ዓዲ ሽሕ ደሚራቶም።

ምሕረት ከምዚ ዝስዕብ ገይራ ሰሪሓቶ።

ሀ) 3452 + 2324= 5776



ለ) 2463 + 5214 = 7677

ሐ) 4521 + 2458 = 6979

ምሕረት ንጋድም ዓዲ ሓደ ምስ ዓዲ ሓደ፡ ዓዲ ዓሰርተ ምስ ዓዲ ዓሰርተ፡ ዓዲ ሚእቲ ምስ ዓዲ ሚእቲ፡ ዓዲ ሽሕ ምስ ዓዲ ሽሕ ደሚራቶም።

ሀ) እቲ መልሲ ሓደ ድዩ፧

ለ) ኣየናይ ኣገባብ ቅኑዕ ትብሉ፧

2. ነዞም ዝስዕቡ ደምሩ።

ሀ) 2343
+5423

ለ) 1354
+7635

ሐ) 7482
+2317

መ) 5464
+3532

ረ) 2453
1224
+4312

ሰ) 3436
1232
+4321

3. ነዞም ዝስዕቡ ደምሩ።

ሀ) 3462 + 4317

ለ) 2573 + 7425

ሐ) 4254 + 3525

መ) 3472 + 5316

ረ) 2431 + 3243 + 4224

ሰ) 3524 + 4232 + 2133

## 2.2 ምድማር ብይጽንሓለይ

### ንጥፈት 2.2

1. መምህር ንግስቲ ንተማሃሮኣን ነዞም ዝስዕቡ ጽምዲ ቊጽርታት ንክድምርዎም ሓቢረንኦም።

ሀ) 2498 ምስ 3594 ለ) 3474 ምስ 3657

ዓሊ ከምዚ ዝስዕብ ጌይሩ ሰሪሕዎ።

ሀ)

```
   1
 2498    8 ምስ 4 ደሚሩዎም (8 + 4 =12)
+3594    2 ጺሒፉ 1 ይጽንሓለይ ኢሉ።
-----
    2

  1 1
 2498    1ን 9ን 9ን ደሚሩዎም (1 + 9+ 9 =19)
+3594    9 ጺሒፉ 1 ይጽንሓለይ ኢሉ።
-----
   92

 1 11
 2498    1ን 4ን 5 ን ደሚሩዎም (1 + 4 + 5 =10)
+3594    0 ጺሒፉ 1 ይጽንሓለይ ኢሉ።
-----
  092

 11 1
 2498    1ን 2ን 3ን ደሚሩዎም (1 + 2 + 3 = 6)
+3594    6 ከኣ ጺሒፉ።
-----
 6092
```

ለ)

```
   1
 3474    4 ምስ 7ደሚሩዎም (4 + 7 =11)
+3657    1 ጺሒፉ 1 ይጽንሓለይ ኢሉ።
-----
    1

  1 1
 3474    1ን 7ን 5ን ደሚሩዎም (1 + 7 + 5 =13)
+3657    3 ጺሒፉ 1 ይጽንሓለይ ኢሉ።
-----
   31

 111
 3474    1ን 4ን 6ን ደሚሩዎም (1 + 4 + 6 =11)
+3657    1 ጺሒፉ 1 ይጽንሓለይ ኢሉ።
-----
  131

 1 1 1
 3474    1ን 3ን 3ን ደሚሩዎም (1 + 3 + 3 = 7)
+3657    7 ጺሒፉ።
-----
 7131
```

2. ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ 1679 ኣወዳትን 1446 ኣዋልድን ኣለዉ። ብድምር ክንደይ ተማሃሮ ኣለዉ፧

ኣብራሃም ከምዚ ዝስዕብ ጌይሩ ሰሪሕዎ።

ድምር ተማሃሮ = ቍጽሪ ኣወዳት + ቍጽሪ ኣዋልድ።

```
 1 1 1
  1679
 +1446
  3125
```

ብድምር 3125 ተማሃሮ ኣለዉ።.

3. ድምር ርኸቡ።

```
ሀ)  7457        ለ)  7304        ሐ)  3437
  + 2264          + 2186          + 5678

መ)  4824        ረ)  5647        ሰ)  1679
  + 4824          + 2596          + 1446

ሸ)  1753        ቀ)  2789        በ)  1679
    2345            4243            1446
   +3678           +2345           +3623
```

4. ዝጎደለ ቍጽሪ ርኸብ።

ሀ) 7457
+2156
9--13

ለ) 7358
+2556
9--14

ሐ) 3457
+1165
4--22

መ) 4455
+3656
8--11

ረ) 4757
+2356
7--13

ሰ) 5774
+3256
9--30

## ንጥፈት 2.3

1. ዓብዱ ኣብ ድኳኑ 2173 ኪሎ ባናናን 1234 ኪሎ ኣራንሽን ኣሎዎ። ብድምር ክንደይ ኪሎ ፍረታት ኣሎዎ፧

2. ኣዜብ ካብ ደሞዛ ኣብ ወርሒ 1200 ናቕፋ ንገዛ ክራይ፡ 195 ናቕፋ ንማይን ኤለክትሪክን 1590 ንመግብን ንኽዳንን ትኸፍል። ኣብ ወርሒ ክንደይ ወጻኢ ትገብር፧

3. ኣብርሃም 1572 ናቕፋ ዓብዱ 1389 ናቕፋ ዛህራ 1456 ናቕፋ ኣለዎም። ብድምር ክንደይ ናቕፋ ኣለዎም፧

4. ሓደ ቀዳም ኣቶ ኢብራሂም ሓንቲ ጤል ብ1300 ናቕፋ ሓንቲ ላም ከኣ ብ5575 ናቕፋ ሸይጠመን። ብድምር ክንደይ ገንዘብ ኣእትዮም፧

5. ኣብ ሓደ ማእከል ጥዕና ክታበት ኣንጻር ፖልዮ ተኻይዱ። ሰኑይ 1378፡ ሰሉስ 3492፡ ሮቡዕ 2437፡ ህጻናት ተኸቲቦም። ብድምር ኣብቲ ትካል ጥዕና ክንደይ ህጻናት ተኸቲቦም፧

6. ዝሓለፈ ቀዳም ኣብረሀት ሮብለን 2882 ን 4439ን እንቋቑሖ ሸይጠን። ብድምር ክልቲኤን ክንደይ እንቋቑሖ ሸይጠን፧

7. ኣብ ሓደ ከተማ 3689 ነጋዶ 2856 ሓረስቶት 1136 ናይ ቤት ጽሕፈት ሰራሕተኛታት ኣለዉ። ኣብታ ከተማ ብድምር ክንደይ ነበርቲ ኣለዉ፧

8. ቤት ማሕተም ሳቡር ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ መዓልቲ 3072 ናይ እንግሊዝ፣ 3845 ናይ ቍጽሪ፣ 2486 ናይ ሳይንስ፣ መጻሕፍቲ ሓቲሙ። ኣብዛ መዓልቲ ክንደይ መጻሕፍቲ ሓቲሙ፧

## ንጥፈት 2.4

## መጠቓለሊ ሕቶታት

1. ነዞም ዝስዕቡ ቍጽርታት ደምሩ።

ሀ) 467
+ 583

ለ) 7691
+ 5439

ሐ) 3286
+ 2987

መ) 9089
+1921

ረ) 3599
+ 6452

ሰ) 1786
+ 2214

2. ነዞም ዝስዕቡ ደምሩ።

ሀ) 456 + 342 ለ) 5618 + 3212

ሐ) 986 +114 መ) 6324 + 4597

3. ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ 1029 ኣወዳት፣ 971 ኣዋልድ ተማሃሮ ኣለዉ። ብድምር ኣብታ ቤት ትምህርቲ ክንደይ ተማሃሮ ኣለዉ፧

4. ኣብ ምግራብ ክረምታዊ ማእቶት ተማሃሮ፣ 2785 ኣዋልድ 2697 ኣወዳትን ተሳቲፎም። ብድምር ክንደይ ተማሃሮ ተሳቲፎም፧

5. ኣደም ኣብ ጅብኡ 452 ናቕፋ ኣለዎ። ሓደ በጊዕ ንኸገዝእ 278 ናቕፋ ተወሳኺ ገንዘብ ኣድልይዎ። ዋጋ እቲ በጊዕ ክንደይ እዩ፧

6. ዕድመ ሓደ ወዲ 27 ዓመት እዩ። ኣቦኡ ብ39 ዓመት ይዓብዮ። ዕድመ ኣቦኡ ክንደይ ዓመት እዩ፧

# ምዕራፍ 3

# ምጉዳል

<u>ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢት ምህሮ</u>

ኣብ መወዳእታ ናይዚ ምዕራፍዚ ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢታት፡

ሀ) ዓድታት ብምጥቃም ምልቃሕ ዘይብሎምን ምልቃሕ ዘሎዎን ናይ ምጉዳል ንጥፈታት ምስራሕ፡

ለ) ምጉዳል ምስ ምድማር ብምዝማድ ዝኾኑ ቊጽርታት ምስራሕ፡

ሐ) ናይ ምጉዳል ኣምር ምስ ውዱዕ ነገራት ብምዝማድ ግድላት ምስራሕ፡

## 3.1 ምጉዳል ብዘይ ምልቃሕ

### ንጥፈት 3.1

1. መምህር ኣስቴር ንተማሃሮኣ ነዞም ዝስዕቡ ቊጽርታት ከጓዳድልዎም ሓቢራቶም።

   ሀ) 2341 ካብ 8576　　ለ) 3121 ካብ 5274

   ሐ) 2310 ካብ 4521

ሳራ ከምዚ ዝስዕብ ገይራ ሰሪሓቶ።

ሀ)

| | | | |
|---|---|---|---|
| 8576 | 8576 | 8576 | 8576 |
| -2341 | -2341 | -2341 | -2341 |
| 5 | 35 | 235 | 6235 |

ለ)

```
  5274
 -3121
 -----
  2153
```

ሐ)

```
  4521
 -2310
 -----
  2211
```

መጀመርታ ዓዲ ሓደ ካብ ዓዲ ሓደ ኣጕዲላቶ። ደሓር ዓዲ ዓሰርተ ካብ ዓዲ ዓሰርተ፡ ዓዲ ሚእቲ ካብ ዓዲ ሚእቲ ኣጕዲላቶ።

2. ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ 2986 ተማሃሮ ኣለዉ። ካብዚኣቶም 1241 ኣዋልድ እንተዳኣ ኮይነን ኣወዳት ክንደይ እዮም።

ሳራ ከምዚ ዝስዕብ ገይራ ሰሪሓቶ።

ጠቕላላ ቍጽሪ ተማሃሮ = ቍጽሪ ኣወዳት + ቍጽሪ ኣዋልድ።

ቍጽሪ ኣወዳት = ጠቕላላ ቍጽሪ ተማሃሮ - ቍጽሪ ኣዋልድ።

```
  2986
 -1241
 -----
  1745
```

1745 ኣወዳት ተማሃሮ ኣለዉ።

3. ናይ 7834ን ናይ 5621 ዘሎ ፍልልይ ርኸብ ዑመር ከምዚ ዝስዕብ ጌይሩ ሰሪሕዎ።

```
  7834
- 5621
  2213
```

እቲ ፍልልይ 2213 እዩ።

4. ኣጉድሉ።

| | | |
|---|---|---|
| ሀ) 3897<br>-1532 | ለ) 8796<br>-5283 | ሐ) 6849<br>-5647 |
| መ) 9756<br>-5341 | ረ) 7834<br>-2321 | ሰ) 7398<br>-5325 |

5. ኣጉድሉ።

ሀ) 4658 - 1532

ለ) 7896 - 5283

ሐ) 6545 - 1532

መ) 9876 - 3545

ረ) 8754 - 7532

ሰ) 5697 - 3435

ሸ) 4897 - 1672

ቀ) 4389 - 1243

6. ኣደም ሓደ ብዕራይን ሓንቲ በጊዕን ብ6600 ናቕፋ ሸይጥወን። ዋጋ እቲ ብዕራይ 5400 ናቕፋ እንተዳኣ ኮይኑ እታ በጊዕ ብኽንደይ ሸይጥዋ፧

7. ተማሃሮ ናይ ሓደ መባእታ ቤት ትምህርቲ 4839 ፊልሲ ተኺሎም። 3728 ፊልሲ እንተድኣ ጸዲቖን ክንደይ ከይጸደቓ ተሪፈን፧

8. ኣብ ዓሊጊድር ሕርሻ ጡጥ 5678 ሰራሕተኛታት ኣለዉ። 2345 ካብኣቶም ደቂ ኣንስቲዮ እንተድኣ ኮይነን ክንደይ ደቂ ተባዕትዮ ኣለዉ፧

9. ዳዊት 2784 ናቕፋ ኣለዎ። ኣንጎሶም ግን 1431 ናቕፋ ኣለዎ። ዳዊት ካብ ኣንጎሶም ንላዕሊ ክንደይ ናቕፋ ኣለዎ፧

10. ዑመር 4678 ኣጣል ኣሎዎ። ካብ ኣተን 2345 እንተድኣ ሸይጡለን ክንደይ ይተርፎ፧

## 3.2 ምጕዳል ብምልቃሕ

### ንጥፈት 3.2

1. ኣዲያም ሓደ ሓደ ናይ ቍጽሪ ንጥፈታት ንምጕዳል ዝምልከት ትሰርሕ ነይራ። ንኣሕመድ 2487 ካብ 6342 ኣጕድሎ ኢላ ሂባቶ።

ኣሕመድ ከምዚ ዝስዕብ ጌይሩ ሰሪሕዎ

$$\begin{array}{r} 5\;\;12\;13\;12 \\ \cancel{6}\;\cancel{3}\;\cancel{4}\;\cancel{2} \\ -2\;4\;8\;7 \\ \hline 3\;8\;5\;5 \end{array}$$

$$\begin{array}{r} 6342 \\ -2487 \\ \hline \end{array}$$

7 ካብ 2 ምጕዳል ኣይከኣልን ኢዩ ስለዚ 1 ካብ ዓዲ ዓሰርተ ይልቃሕ።

$$\begin{array}{r} 12 \\ 6\;3\;3\;2 \\ -2\;4\;8\;7 \\ \hline 5 \end{array}$$

እቲ 1 ካብ ዓዲ ዓሰርተን 2 ናይ ዓዲ ሓደን 12 ይኾኑ። ዓዲ ዓሰርተ 3 ይተርፍ። 7 ካብ 12 ምስ ጎደሎ ከኣ 5 ይኸውን።

$$\begin{array}{r} 13\;\;12 \\ 6\;2\;3\;2 \\ -2\;4\;8\;7 \\ \hline 5\;5 \end{array}$$

8 ካብ 3 ከነጕድል ስለ ዘይንኽእል፡1 ካብ ዓዲ ሚእቲ ንልቃሕ 13 ነናይ ዓሰርተ ይኸውን። ዓዲ ሚእቲ ከኣ 2 ይተርፍ። 8 ካብ 13 ምስ ጎደሎ ከኣ 5 ይኸውን።

$$\begin{array}{r} {\scriptstyle 13\ 13\ 12} \\ 5\ 2\ 3\ 2 \\ -2\ 4\ 8\ 7 \\ \hline 3\ 8\ 5\ 5 \end{array}$$

4 ካብ 2 ከነጉድል ስለ ዘይንክእል፡1 ካብ ዓዲ ሽሕ ንልቃሕ። 12 ነናይ ሚኢቲ ይኸውን ዓዲ ሽሕ ከኣ 5 ይተርፍ። 4 ካብ 12 ምስ ጎደሎ ከኣ 8 ይኸውን። 2 ካብ 5 ምስ ኣጉደልና ከኣ 3 ይኸውን።

ስለዚ

$$\begin{array}{r} 6342 \\ -\ 2487 \\ \hline 3855 \end{array}$$

2. ኣጉድሉ።

ሀ) 3691 −1532

ለ) 8783 −5295

ሐ) 6547 −5649

መ) 9326 −5341

ረ) 7178 − 5385

ሰ) 8331 −2476

3. ኣጉድሉ።

ሀ) 9210 - 3423

ለ) 5836 - 5342

ሐ) 7312 - 5323

መ) 9545 - 6836

ረ) 9000 - 3456

ሰ) 8524 - 6836

ሸ) 6235 - 1899

ቀ) 5142 - 3896

4. ናይ ዓወት ወርሓዊ ደሞዝ 2573 ናቕፋ እዩ።
ናይ ዘይነብ ወርሓዊ ደሞዝ 1985 ናቕፋ እንተዳኣ ኮይኑ፡ ፍልልይ ናይ ደሞዘን ክንደይ እዩ፧

5. ዓብዱ 9000 ናቕፋ ኔርዎ። ብ6450 ናቕፋ ሓንቲ ተለቪዥን እንተዳኣ ገዚኡ ክንደይ ይተርፎ፧

6. ክልተ ሳንዱቕ እንቋቑሖ ዝሓዛ ኣለዋ። እታ ዓባይ ካሴታ 9453 እታ ንእሽቶይ ሳንዱቕ 7864 እንቋቑሖ ሒዘን ኣለዋ። ኣብታ ዓባይ ሳንዱቕ ክንደይ ካብታ ናይ ንእሽቶይ ሳንዱቕ ዝያዳ እንቋቑሖ ኣለዋ፧

7. ኣብ ሓደ መባእታ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ክፍልን ሳልሳይ ክፍልን 3251 ተማሃሮ ኣለዉ። ካብዚኣቶም 2786 ተማሃሮ ሳልሳይ ክፍሊ እንተዳኣ ኮይኖም፡ ቍጽሪ ካልኣይ ክፍሊ ተማሃሮ ክንደይ እዩ፧

8. ኣምባሶይራ ሆቴል ኣብ ወርሒ ጥርን ወርሒ ለካቲትን 4540 ኣጋይሽ ኣእንጊዳ። እቶም 2985 ኣጋይሽ ናይ ወርሒ ጥሪ እንተዳኣ ኮይኖም ኣብ ወርሒ ለካቲት ክንደይ ኣጋይሽ ተኣንጊዶም፧

## ንጥፈት 3.3

## ዕዳጋ እኽሊ

መርየምን ፋጥናን ለምለምን ናብ ዕዳጋ እኽሊ ክገዝኣ ወሪደን።




1. መርየም ሓደ ኩንታል ጣፍን ሓደ ኩንታል ስርናይን ገዚኣ

   ሀ) መርየም ክንደይ ከፊላ፧

   ለ) ዋጋ ሓደ ኩንታል ጣፍ ካብ ዋጋ ሓደ ኩንታል ስርናይ ብኽንደይ ይበዝሕ፧

2. ለምለም ሓደ ኩንታል ጣፍ፡ ሓደ ኩንታል ዳጉሻ፡ ሓደ ኩንታል ስርናይን ገዚኣ።

ሀ) ዋጋ ሓደ ኩንታል ጣፍን ሓደ ኩንታል ዳጉሻን ርኸብ።

ለ) ለምለም ብድምር ክንደይ ከፊላ፧

3. ካብ ለምለምን መርየምን መን ዝያዳ ከፊላ ፍልልይ ዝኸፈሎኦ ክንደይ እዩ፧

4. ናይ ሓደ ኩንታል ጣፍን ሓደ ኩንታል ዳጉሻን ናይ ዋጋ ፍልልይ ክንደይ እዩ፧

5. ናይ ሓደ ኩንታል ዓተርን ሓደ ኩንታል ስርናይን ዋጋ ፍልልይ ክንደይ እዩ፧

6. ናይ ሓደ ኩንታል ጣፍን ሓደ ኩንታል ዓተርን ዋጋ ፍልልይ ክንደይ እዩ፧

7. ፋጥና ሓደ ኩንታል ዳጉሻን ሓደ ኩንታል ዓተርን ገዚኣ። ፋጥና ክንደይ ከፊላ፧

8. ፋጥና ብ3000 ናቕፋ እንታይ ክትገዝእ ትኽእል፧

## ንጥፈት 3.4

## መጠቓለሊ ሕቶታት

1. ነዞም ዝስዕቡ ቍጽርታት ኣጒድሉ።

ሀ) 467 − 389

ለ) 7691 − 5439

ሐ) 3286 − 2987

መ) 9089 − 1491

ረ) 3599 − 452

ሰ) 1886 − 1789

2. ናይዞም ዝስዕቡ ፍልልዮም ርኸቡ።

ሀ) 456 - 397

ለ) 5618 - 3549

ሐ) 286 -199

መ) 6324 - 4597

3. ኣብ ሓደ መኽዘን 70,585 ኩንታል እኽሊ ኔሩ። ካብዚ 996 ኩንታል ተሸይጡ። ኣብቲ መኽዘን ክንደይ ኩንታል ተሪፉ፧

4. ሓደ ነጋዳይ ብዕራይን፡ ኣድግን ብ 6300 ናቕፋ ሸይጥዎም። ዋጋ ናይቲ ኣድጊ 1580 ናቕፋ እንተኾይኑ፡ ዋጋ ናይቲ ብዕራይ ክንደይ ናቕፋ እዩ፧

5. ረዘነ 9500 ናቕፋ ኔርዎ። ተለቪዥን ምስ ገዝአ 1650 ናቕፋ ተሪፍዎ። ነታ ተለቪዥን ብኽንደይ ገዚእዋ፧

6. ሳራ 5000 ናቕፋ ኔርዋ። ብ1900 ናቕፋ ኩንታል ጣፍ፡ ብ1250 ናቕፋ ድማ ኩንታል መሸላ እንተ ገዚኣ ክንደይ ናቕፋ ተሪፍዋ፧

7. ናይ ፊደል ዋጋ ርኸብ

ሀ)
```
 2315
+564በ
 7959
```

ለ)
```
 6ቀ54
+2234
 8888
```

ሐ)
```
 6543
+1878
 8ረ21
```

መ)
```
  7434
+ ኣ876
  9310
```

ረ)
```
 5ወ64
+2383
 7747
```

ሰ)
```
  4549
+ መ748
  9397
```

# ምዕራፍ 4
# ምርባሕ

**<u>ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢት ምህሮ</u>**

**ኣብ መወዳእታ ናይዚ ምዕራፍዚ ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢታት፣**

**ሀ) ክሳብ በዓል ሰለስተ ኣሃዝ ብኽልተ ኣሃዝ ብትኽክል ምርባሕ፣**

**ለ) ብ10፣ 100፣ 1000 ብሓጺር ምርባሕ፣**

## 4.1 ብሓደ ኣሃዝ ምርባሕ
### ንጥፈት 4.1

1. ኣነ ክንደይ እየ፧




$3 \times 5$    $4 \times 5$    $2 \times 9$    $3 \times 6$




$3 \times 8$    5× ----    $5 \times 7$    $4 \times 9$

 18  28  20  21

6 × ___  4 × ___  ____× 5  ___ ×7

   

7×7 =____  7×9 =____  3×10=____  4×8=_____

   

8×9 = __  8×7 = __  6×7 =____  6×9 =____

2. ነፍሲወከፍ ባኮ 5 ዘለላ ወይኒ ሒዛ ኣላ። ኣብ ነፍሲወከፍ ዘለላ ወይኒ ከኣ 5 ፍረታት ኣለዋ።



በዚ ተዋሂቡ ዘሎ ሓበሬታ መሰረት ነዚ ዝስዕብ ሕቶ መልሱ።

3 × 5 = ☐   5 × 3 = ☐

ሀ) ክንደይ ዘለላ ወይኒ ኣለዋ፧

ለ) ብድምር ክንደይ ፍረ ወይኒ ኣለዋ፧

3 × 25 = ☐   25 × 3 = ☐

3. ነፍሲወከፍ ባኮ 8 ዘለላ ወይኒ ሒዛ ኣላ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዘለላ ወይኒ ከኣ 5 ፍረታት ኣለዋ።



በዚ ተዋሂቡ ዘሎ ሓበሬታ መሰረት ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

ሀ) ክንደይ ዘለላ ወይኒ ኣለዋ፧

$3 \times 8 = \square$ $\quad$ $8 \times 3 = \square$

ለ) ብድምር ክንደይ ፍረ ወይኒ ኣለዋ፧

$3 \times 40 = \square$ $\quad$ $40 \times 3 = \square$

4. ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ምልእዎም።

ሀ)
- $4 \times 6 = 24$
- $\square \times 4 = 24$

ሐ)
- $7 \times 6 = \square$
- $6 \times \square = 42$
- $14 \times 3 = \square$

ለ)
- $\square \times 5 = 30$
- $5 \times 6 = \square$
- $10 \times 3 = \square$

መ)
- $3 \times \square = 24$
- $8 \times \square = 24$

5. ብድምር ክንደይ ነጥብታት ኣለዉ፧

ሀ) 

ኣብ ነፍሲወከፍ ጋድም መስርዕ ____ነጥብታት ኣለዋ።
ኣብ ነፍሲወከፍ ትኹል መስርዕ ___ ነጥብታት ኣለዋ።
ብድምር __ × __ = ____ ነጥብታት ኣለዋ።

ለ) 

_____ ካርድታት ኣለዋ።
ኣብ ነፍሲወከፍ ካርድ___ ነጥብታት ኣለዋ።
ብድምር ___ ×__ = _______ ነጥብታት ኣለዋ።

6. ኣብዚ ስእሊ ክንደይ መጻሕፍት ኣለዋ፧




ሀ) ክንደይ ኩምራ መጻሕፍቲ ኣለዋ፧

ለ) ኣብ ሓደ ኩምራ ክንደይ መጻሕፍቲ ኣለዋ፧

ሐ) ብድምር ኽንደይ መጻሕፍቲ ኣለዋ፧

_____ × _____ = _______

3 × _____ = 36

____ × 12 = 36

7. ነዚ ስእሊ ተመልከቱ።



ሀ) ክንደይ መስርዕ ጽንብላሊዕ ኣለዋ፧

ለ) ኣብ ሓደ መስርዕ ክንደይ ጽንብላሊዕ ኣለዋ፧

ሐ) ብድምር ክንደይ ጽንብላሊዕ ኣለዋ፧

_____ × _____ = _______

4 × _____ = 24

____ × 6 = 24

## 4.2 ክልተ ወይ ሰለስተ ኣሃዝ ዘለዎም ቊጽርታት ብሓደ ኣሃዝ ምርባሕ

### ንጥፈት 4.2፥

1. ሳራ 4 መጻሕፍቲ ገዚኣ። ናይ ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ ዋጋ 56 ናቕፋ እዩ።ሳራ ብድምር ክንደይ ናቕፋ ከፊላ፧



ዛህራን ዘቢብን ነቲ ሕቶ ብኸምዚ ዝስዕብ መሊሰነኦ።

ሀ) ዛህራ፥ ደሚርና ክንረኽቦ ንኽእል ኢና ኢላ።

56 + 56 + 56 + 56 = 224 ናቕፋ ከፊላ።

ለ) ዘቢብ፡ 56 ብ 4 ኣርቢሕና ንምልሶ ኢላ።

| | |
|---|---|
| $\begin{array}{r} {}^{2}\phantom{6} \\ 5\ 6 \\ \times\ 4 \\ \hline 4 \end{array}$ | $\begin{array}{r} {}^{2}\phantom{6} \\ 5\ 6 \\ \times 4 \\ \hline 224 \end{array}$ |
| ቅድም ዓዲ- ሐደ ኣርብሑ። | ቀጺልኩም ዓዲ- ዓሰርተ ኣርብሑ። |

ብድምር 224 ናቕፋ ከፊላ:

ሐ) ናይ መኒኤን ኣገባብ ትመርጹ፧

2. ኣቶ ዓሊ ሰለስተ ኣባጊዕ ነፍሲ ወከፈን ብሕሳብ 269 ናቕፋ ሸይጡ። ኣቶ ዓሊ ካብ ሽያጥ ኣባጊዑ ብድምር ክንደይ ናቕፋ ረኺቡ፧



ሃብቶም፡269 ብ 3 ኣርቢሕና ብኸምዚ ዝስዕብ ክንረኽቦ ንኽእል ኢና ኢሉ።

| | | |
|---|---|---|
| $\begin{array}{r} {}^{2}\phantom{9} \\ 2\,6\,9 \\ \times\ 3 \\ \hline 7 \end{array}$ | $\begin{array}{r} {}^{2\ 2}\phantom{9} \\ 2\,6\,9 \\ \times\ 3 \\ \hline 0\ 7 \end{array}$ | $\begin{array}{r} {}^{2\ 2}\phantom{9} \\ 2\,6\,9 \\ \times\ 3 \\ \hline 8\ 0\,7 \end{array}$ |
| ቅድም ንዓዲ- ሓደ ኣርብሑ። | ድሓር ንዓዲ- ዓሰርተ ኣርብሑ። | ቀጺልኩም ንዓዲ-ሚእቲ ኣርብሑ። |

ብድምር 807 ናቕፋ ረኺቡ።

3. ሀ) 7 ኣባጊዕ ክንደይ መሓዉር ኣለወን፧



ለ) 25 ኣባጊዕ ክንደይ መሓውር ኣለወን፧

4. ናይዞም ዝስዕቡ ርባሖም ርኸቡ።

ሀ) $6 \times 8$ ለ) $9 \times 10$ ሐ) $11 \times 8$

መ) $7 \times 20$ ረ) $9 \times 9$ ሰ) $12 \times 4$

ሸ) $30 \times 8$ ቀ) $30 \times 7$ በ) $11 \times 9$

5. ኣርብሕዎም።

ሀ) $9 \times 8$ ለ) $11 \times 8$ ሐ) $12 \times 4$ መ) $71 \times 5$

ረ) $45 \times 2$ ሰ) $521 \times 4$ ሸ) $423 \times 3$ ቀ) $92 \times 8$

በ) $56 \times 5$ ተ) $529 \times 7$ ቸ) $647 \times 8$ ነ) $674 \times 9$

ኘ) $157 \times 6$ ኣ) $897 \times 5$ ከ) $342 \times 9$ ኸ) $608 \times 6$

## 4.3 ብክልተ ኣሃዝ ምርባሕ

### ንጥፈት 4.3

1. ኣብ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ 14 ክፍልታት ኣለዋ።
   ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ከኣ 32 ተማሃሮ ኣለዉ። ኣብታ
   ቤት ትምህርቲ ክንደይ ተማሃሮ ኣለዉ፧

ዓሊ ብኸምዚ ዝስዕብ ጌይሩ ሰሪሕዎ።

```
   3 2 ←——  በዚ ጀሚርና ብ 4 ሓደታት፣ ርባሕ
 × 1 4      ኣብ ትሕቲ ናይ ይኸውን ንጽሕፎ ።
 ─────
 1 2 8
  3 2  ←——  ብ1ዓሰርተ ነርብሕ፣ ርባሕ ኣብ ናይኸውን
 ─────        መስመር ስለዚ።
 4 4 8
```

ኣብታ ቤት ትምህርቲ 448 ተማሃሮ ኣለዉ።

2. ኣብ ሓንቲ ዓባይ ባኮ 54 እንቋቑሖ ኣለዋ።
   ኣብ 21 ባኮታት ኽንደይ እንቋቑሖ ኣለዋ፧
   ኣስመሮም ብናይ ዓሊ ኣብነት ብኸምዚ ዝስዕብ
   ጌይሩ መሊስዎ።

```
    5 4
  × 2 1 ←——  በዚ ጀሚርና
  ─────       ንኹሎም ነርብሕ።
    5 4
 1 0 8 ←——  ብ 2 ነርብሕ፣ ካብዚ
 ───────      ጀሚርና ንጽሕፎ።
 1 1 3 4
```



ኣብ 21 ባኮታት 1134 እንቋቑሖ ኣለዉ።

3. መሓመድ 34 ባኮታት እንቋቍሖ ዝመልአ ገዚኡ። ነፍሲወከፍ ባኮ 25 እንቋቍሖ ትሕዝ። መሓመድ ብድምር ክንደይ እንቋቍሖ ገዚኡ፧



ሄለን ብኽምዚ ዝስዕብ ገይራ መሊሳቶ:

$$
\begin{array}{r}
34 \\
\times\ 25 \\
\hline
170 \\
68\phantom{0} \\
\hline
850
\end{array}
$$

መሓመድ 850 እንቋቍሖ ገዚኡ።

4. ኣገባብ ኣሳራርሓ ሄለን ተረዲኢኩምዶ፧

ዳዊት ን 87 ብ 36 ብናይ ሄለን ኣገባብ ጌይሩ ኣርቢሕዎ።

$$
\begin{array}{r}
87 \\
\times\ 36 \\
\hline
522 \\
261\phantom{0} \\
\hline
3132
\end{array}
$$

5. ኣርብሑ።

ሀ) $\begin{array}{r} 25 \\ \times\ 32 \\ \hline \end{array}$

ለ) $\begin{array}{r} 47 \\ \times\ 62 \\ \hline \end{array}$

ሐ) $\begin{array}{r} 96 \\ \times\ 45 \\ \hline \end{array}$

መ) $\begin{array}{r} 78 \\ \times\ 47 \\ \hline \end{array}$

ረ) $\begin{array}{r} 65 \\ \times\ 47 \\ \hline \end{array}$

ሰ) $\begin{array}{r} 35 \\ \times\ 42 \\ \hline \end{array}$

ሸ) $\begin{array}{r} 278 \\ \times\ 53 \\ \hline \end{array}$

ቀ) $\begin{array}{r} 97 \\ \times\ 87 \\ \hline \end{array}$

በ) $\begin{array}{r} 104 \\ \times\ 45 \\ \hline \end{array}$

ተ) $\begin{array}{r} 115 \\ \times\ 47 \\ \hline \end{array}$

ቸ) $\begin{array}{r} 254 \\ \times\ 19 \\ \hline \end{array}$

ነ) $\begin{array}{r} 47 \\ \times\ 62 \\ \hline \end{array}$

ኘ) $\begin{array}{r} 435 \\ \times\ 96 \\ \hline \end{array}$

ኣ) $\begin{array}{r} 78 \\ \times\ 98 \\ \hline \end{array}$

ከ) $\begin{array}{r} 563 \\ \times\ 62 \\ \hline \end{array}$

6. ሓደ ሓረስታይ 238 ኣብዑር ኣለዉዎ። ነፍሲወከፍ ብዕራይ ኣብ መዓልቲ 6 ኪሎ ግራም ሓሰር ይበልዕ። እቲ ሓረስታይ ንኹሎም ኣብዑሩ ንመዓልቲ ክንደይ ኪሎ ግራም ሓሰር የድልዮ፡

በርሀ ብኸምዚ ዝስዕብ ጌይሩ መሊሱዎ፥




ብድምር 1428 ኪሎ ግራም ሓሰር የድልዮም።

7. ምሕረት ኣብ መዓልቲ 4 ቢኬሪ ማይ ትሰቲ። ኣብ 7 መዓልቲ ኽንደይ ቢኬሪ ማይ ትሰቲ፧

8. ኣብ ሓንቲ ናይ ኵዕሶ እግሪ ጋንታ 11 ተጻወቲ ኣለዉ። ኣብ 23 ናይ ኵዕሶ እግሪ ጋንታታት ክንደይ ተጻወቲ ኣለዉ፧

9. ኣብ ሓንቲ ዓዲ 540 ስድራቤት ኣለዋ። ነፍሲወከፍ ስድራ ንወርሒ 10 ኪሎ ግራም ሽኮር የድልያ። ነታ ዓዲ ክንደይ ኪሎ ግራም ሽኮር የድልያ፧

10. ሓደ በዓል ድኳን 26 ካሴታታት ኣራንሺ ኣለዎ። ነፍሲወከፍ ካሴት ከኣ 45 ኣራንሺ ሒዛ ኣላ። ብድምር ክንደይ ኣራንሺ ኣለዋ፧

11. ሓንቲ መባእታ ቤት ትምህርቲ 175 ተማሃሮ ኣለዉዋ። ነፍሲወከፍ ተማሃራይ ናይ ዓመታዊ ክፍሊት ቤት ትምህርቲ 24 ናቕፋ ከፊሉ። እታ ቤት ትምህርቲ ካብቶም ተማሃሮ ክንደይ ናቕፋ ኣኪባ፧

12. ዒላበርዒድ ናይ ሕርሻ ኢንዱስትሪ 356 ናይ ጸባ ከብቲ ኣለዎ። ነፍሲወከፍ ላም ኣብ መዓልቲ 20 ሊተር ጸባ ትሕለብ። እታ ትካል ኣብ መዓልቲ ክንደይ ሊተር ጸባ ትረክብ፧

13. ሓደ ሸቃጣይ 65 ኪሎግራም ሜለ ኔርዎ። ንሱ ነቲ ሜለ ንሓደ ኪሎ ብሕሳብ 18 ናቕፋ ሸይጥዎ። እቲ ሸቃጣይ ካብ ሽያጥ ሜለ ክንደይ ናቕፋ ረኺቡ፧

14. ኣቶ ዓብደላ 16 ኣጣል ኔረንኦ። ንሓንቲ ጤል ብሕሳብ 400 ናቕፋ ሸይጥወን። ኣቶ ዓብደላ ካብ ሽያጥ ኣጣሉ ክንደይ ገንዘብ ረኺቡ፧

15. ሓንቲ መባእታ ቤት ትምህርቲ 30 መምሃሪ ክፍልታት ኣለዋ። ኣብ ነፍሲወከፍ ክፍሊ 54 ተማሃሮ ኣለዉ። ኣብታ ቤት ትምህርቲ ክንደይ ተማሃሮ ኣለዉ፧

16. ነዞም ዝስዕቡ ቍጽርታት ብሓጺር ኣርብሕዎም።

$$43 \times 20 =$$

$$\begin{array}{r} 43 \\ \times 2 \\ \hline 860 \end{array}$$




ሀ) $24 \times 10$

ለ) $9 \times 20$

ሐ) $37 \times 10$

መ) $20 \times 10$

ረ) $50 \times 10$

ሰ) $85 \times 100$

ሸ) $600 \times 20$

ቀ) $300 \times 20$

በ) $80 \times 40$

17. ነዞም ዝስዕቡ መሳርዕ ናይ ቍጽርታት መልእዎ።

ሀ) 4፡ 8፡ 16፡ ______፡ _____፡ _____

ለ) 5፡ 10፡ 20፡ ______፡ _____፡ _____

ሐ) 7፡ 14፡ 28፡ ______፡ _____፡ _____

መ) 2፡ 6፡ 18፡ ______፡ _____፡ ______

ረ) 10፡ 20፡ 40፡ _____፡ _____፡ _____

## ንጥፈት 4.4

## መጠቓለሊ ሕቶታት

1. ነዞም ዝስዕቡ ቍጽርታት ኣርብሑ።

ሀ) $67 \times 23$ ለ) $51 \times 54$ ሐ) $86 \times 25$ መ) $35 \times 64$

2. ነዞም ዝስዕቡ ኣርብሑ።

ሀ) 45 × 34 ለ) 56 × 35 ሐ) 98 × 62

መ) 63 × 25 ረ) 343 × 20 ሰ) 83 × 100

3. 48 ኪሎ ግራም ሽጉርቲ ንሓደ ኪሎ ብሕሳብ 6 ናቕፋ እንተ ተሸይጡ፡ ብድምር ክንደይ ተሸይጡ፧

4. ዋጋ ሓንቲ ባኮ ቀጠፍ 7 ናቕፋ እንተኾይኑ፡ ዋጋ 45 ባኮ ቀጠፍ ክንደይ ናቕፋ ይኸውን፧

5. 45 ተማሃሮ ነፍሲወከፎም 38 ናቕፋ ንጥራዝ ከፊሎም። ብድምር ክንደይ ናቕፋ ከፊሎም፧

6. ሓንቲ ላም ኣርባዕተ ጡብ ኣለዋ። 287 ኣሓ ክንደይ ኣጡባት ኣለወን፧

# ምዕራፍ 5

# ምምቃል

**<u>ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢት ምህሮ</u>**

**ኣብ መወዳእታ ናይዚ ምዕራፍዚ ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢታት፡**

**ሀ) ክሳብ ሰለስተ ኣሃዝ ብኸልተ ኣሃዝ ዘለዎም ቊጽርታት ብዘይ ተርፍን ብተርፍን ምምቃል**

**ለ) ኣብ መንጎ ምርባሕን ምምቃልን ዘሎ ዝምድና ብምርዳእ ግድላት ምፍታሕ።**

## 5.1 ብሓደ ኣሃዝ ምምቃል

**ንጥፈት** 5.1

1. **ወይዘሮ ኣልማዝ** 15 **እንቋቑሖ ኣለዋ።ንሳ ነቶም እንቋቑሖ ብማዕረ ኣብ ሰለስተ ባኮታት ኣቐሚጣቶም። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ባኮ ክንደይ እንቋቑሖ ኣለዋ፧**



15 ÷ 3 = 5

ኣብ ነፍሲወከፍ ባኮ 5 እንቋቝሖ ኣለዉ።

2. 12 ኣባጊዕ፡ 4 ሰባት ብማዕረ እንተ ተማቒሎመን፡ ከክንደዮም ይበጽሖኦም፧



ኣብ 12 ፡ 4 ነናይ 3 ኣለና፡

ስለዚ 12 ÷ 4 = 3

4 × 3 = 12



ነፍሲወከፎም 3 ኣባጊዕ ይበጽሖኦም።

3. ነዞም ዝስዕቡ ኣብ “ሀ”ን “ለ”ን ዘሎዉ ስእልታት ብምርኣይ ነዞም ዝስዕቡ ምልእዎም።

ሀ)



3 × 4 = ☐

12 ÷ 3 = ☐

12 ÷ 4 = ☐

ለ)



2 × 6 = ☐

12 ÷ 2 = ☐

12 ÷ 6 = ☐

4. ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ምልእዎም።

ሀ)

$4 \times 6 = 24$
$24 \div 6 =$ ____

____ $\times 6 = 24$
$24 \div 4 =$ ____

ለ)

$6 \times 3 = 18$
$18 \div 6 =$ ____

____ $\times 6 = 18$
$18 \div 3 =$ ____

ሐ)

$6 \times 7 =$ ____
$42 \div 7 =$ ____

____ $\times 6 = 42$
$42 \div 7 =$ ____

መ)

$6 \times 6 =$ ____
$36 \div 6 =$ ____

____ $\times 6 = 30$
$30 \div 5 =$ ____

5. ነዞም ዝስዕቡ ምቕሉዎም።

| | | |
|---|---|---|
| ሀ) $14 \div 2$ | ለ) $25 \div 5$ | ሐ) $21 \div 3$ |
| መ) $32 \div 8$ | ረ) $14 \div 7$ | ሰ) $48 \div 6$ |
| ሸ) $28 \div 7$ | ቀ ) $35 \div 5$ | በ) $60 \div 3$ |
| ተ)$100 \div 5$ | ቸ) $40 \div 8$ | ነ) $72 \div 9$ |

46 ን 2 ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ንመቕሎ።



```
46  ÷ 2
4     23
-- 
 = 6
   6
  --
   =
```

- መጀመሪታ ን 4 ብ 2 ንመቕሎ፡ በቲ ብጽሒት ን 2 ነርብሖ፡
- ነቲ ርባሕ ካብ 4 ነጉድሎ፡
- ቐጺልና 6 ነውርዶ፡ ን 2 ከኣ ንመቕሎ፡
- በቲ ብጽሒት ጌርና ን 2 ነርብሖ፡ ነቲ ርባሕ ከኣ ካብ 6 ነጉድሎ፡

ስለዚ እቲ መልሲ 23 እዩ፡

6. ነዞም ዝስዕቡ ምቕሉዎም።

ሀ) 45 ÷ 5    ለ) 65 ÷ 5    ሐ) 49 ÷ 7

መ) 55 ÷ 5    ረ) 60 ÷ 6    ሰ) 70 ÷ 5

ሸ) 98 ÷ 7    ቀ) 72 ÷ 6    በ) 88 ÷ 8

ተ) 54 ÷ 3    ቸ) 36 ÷ 9    ነ) 100 ÷ 4

7. ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ምልእዎም።

ሀ)



$\square \times 9 = 18$

$18 \div 9 = \square$

ለ)



$\square \times 4 = 36$

$36 \div 4 = \square$

ሐ)



$\square \times 7 = 63$

$9 \times 7 = \square$

$63 \div 7 = \square$

$63 \div 9 = \square$

መ)



$\square \times \square = 56$

$56 \div 8 = \square$

$56 \div 7 = \square$

## 5.2 ተረፍ ዘለዎም ቀጽርታት ምምቃል

### ንጥፈት 5.2

1. መምህር በየነ ንተማሃርኡ ነዞም ዝስዕቡ ዕዮ ገዛ ሂብዎም።

   ሀ) 46 ÷ 3 ለ) 234 ÷ 5

ራህዋ ን"ሀ" ብኸምዚ ዝስዕብ ገይራ መሊሳታ።

```
 46 ÷ 3
 3    15
=16
  15
 =1
```

- መጀመሪያ 4 ን 3 ንመቐሎ:
  ብቲ ብጽሒት ን 3 ነርብሖ:
- ነቲ ርባሕ ካብ 4 ነጐድሎ: 4-3 =1
- ቀጺልና 6 ነውርዶ: 16 ከኣ ን3 ንመቐሎ:
- በቲ ብጽሒት ጌርና ን 3 ነርብሖ፡3 × 5 =15
  ነቲ ርባሕ ከኣ ካብ 16 ነጐድሎ: 16-15 =1

ስለዚ እቲ መልሲ 15 ተረፍ 1።

ናስር ን"ለ" ብኸምዚ ዝስዕብ ጌይሩ መሊስዎ።

```
234 ÷ 5 → 2 3 4 ÷ 5        2 3 4 ÷ 5
          2 0      4       2 0      4 6
            3                3 4
                             3 0
                               4 ← ተረፍ
```

ቅድም 23 ብ 5 ንመቐሎ።

ቀጺልና 34 ብ 5 ንመቐሎ።

2. ናይ ራህዋን ናይ ናስርን ኣገባብ ኣመቓቕላ ተረዲኢኩምዶ፧




3. ነዞም ዝስዕቡ ስርሑ።

ሀ) 41÷ 5

ለ) 64÷ 5

ሐ) 88 ÷ 7

መ) 65÷ 4

ረ) 55 ÷ 6

ሰ) 79 ÷ 7

ሸ) 98÷ 8

ቀ) 73÷ 5

በ) 89 ÷ 8

ተ) 44÷ 3

ቸ) 58 ÷ 9

ነ) 100 ÷ 8

4. ነዞም ዝስዕቡ ስርሑ።

ሀ) 124 ÷ 4

ለ) 126 ÷ 3

ሐ) 160 ÷ 8

መ) 630 ÷ 7

ረ) 576 ÷ 9

ሰ) 800 ÷ 8

ሸ) 376 ÷ 6

ቀ) 458 ÷ 5

በ) 256 ÷ 7

5. ነዞም ዝስዕቡ ስርሑ።

ሀ) 231 ÷ 11    ለ) 345 ÷ 15    ሐ) 624 ÷ 12

መ) 940 ÷ 20    ረ) 725 ÷ 25    ሰ) 864 ÷ 18

ሸ) 768 ÷ 24    በ) 544 ÷ 17    ቀ) 528 ÷ 22

6. ነዞም ዝስዕቡ ስርሑ።

ሀ) 27 ÷ 9    ለ) 45 ÷ 9    ሐ) 7 × 10

መ) 9 × 80    ረ) 72 ÷ 9    ሰ) 63 ÷ 7

ሸ) 50 ÷ 10    ቀ) 9 × 10    በ) 6 × 80

7. ሓንቲ ሰበይቲ 4 ደርሁ ብ120 ናቕፋ ገዚኣ። ንሓንቲ ደርሆ ብኽንደይ ናቕፋ ገዚኣታ፧

8. ኣብዘን 4 ካርቶን 96 መጻሕፍቲ ኣለዋ። ኣብ ነፍሲወከፍ ካርቶን ኽንደይ መጻሕፍቲ ኣለዋ፧ 



9. 144 ሜተር ንውሓት ዘለዋ ገመድ 8 ሰባት ብማዕረ ተማቒሎማ። ከክንደይ ሜተር በጺሒዎም፧



10. ሓንቲ ናይ ህዝቢ መጓዓዝያ ኣውቶቡስ 24 ሰባት ኣብ ሓደ ግዜ ትጽዕን። ን120 ሰባት ብኽንደይ ግዜ ተጓዕዞም፧



11. ኣብ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ 400 ተማሃሮ ኣለዉ። እታ ቤት ትምህርቲ 10 ክፍልታት ኣለዋ። ኣብ ነፍሲወከፍ ክፍሊ ክንደይ ተማሃሮ ኣለዉ፧

12. ሓደ ሰብኣይ 324 ኣጣሉ፡ ን4 ደቁ ብማዕረ መቒሉዎም። ነፍሲወከፎም ከክንደይ ኣጣል ወሲዶም፧

13. ናይ 9 ካምቻ ዋጋ 720 ናቕፋ እዩ።

ዋጋ ሓንቲ ካምቻ ክንደይ እዩ፧

14. ሓደ ሰብ 10 ኣጻብዕቲ ናይ ኢድ ኣለዎ።

370 ኣጻብዕቲ ናይ ክንደይ ሰባት እየን፧

15. ሓደ ሽቃላይ ኣብ ሰዓት 8 ናቕፋ ይኽፈል። እቲ ሸቃላይ 400 ናቕፋ እንተተኸፊሉ፡ ክንደይ ሰዓት ሰሪሑ ማለት እዩ፧

16. ኣብ ሰሙን 7 መዓልታት ኣለዋ። 490 መዓልታት'ከ ክንደይ ሰሙናት እየን፧

## ንጥፈት 5.3

## መጠቓለሊ ሕቶታት

1. ሱሌማን፡ ነጋስን ነጃትን 72 እንቋቑሖ ገዚኦም ብማዕረ ተማቒሎም። ከክንደዮም በጺሕዎም፧

2. 48 መጻሕፍቲ ኣብ 6 ባኮታት ብማዕረ እንተ ተቐሚጦም ኣብ ነፍሲወከፍ ባኮ ክንደይ መጻሕፍቲ ኣለዋ፧

3. 12 ቆልዑ 60 ከረሜላ ገዚኦም። ብማዕረ እንተ ተማቒሎም፡ ከክንደዮም ይበጽሖም፧

4. ዳንኤል12 ኪሎ ግራም ሽኮር ብ144 ናቕፋ ገዚኡ። ንሓደ ኪሎ ክንደይ ናቕፋ ሂብሉ፧

5. ሓንቲ ኣውቶቡስ 29 ሰባት ትጽዕን። ን290 ሰባት ክንደይ ኣውቶቡስ የድልዮኦም፧

6. ነዞም ዝስዕቡ ምቐሉ።

ሀ) 108 ÷ 6 ለ) 270 ÷ 30 ሐ) 169 ÷13

መ) 320 ÷16 ረ) 544 ÷ 8 ሰ) 404 ÷ 4

ሸ) 540 ÷ 5 ቀ) 3240 ÷ 8 በ) 1440 ÷12

# ምዕራፍ 6

# ጕዚ

**<u>ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢት ምህሮ</u>**

ኣብ መወዳእታ ናይዚ ምዕራፍዚ ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢታት፣

ሀ) ውዱዓት ነገራት ናብ ዝተፈላለዩ ቍጽርታት ምጕጃል፣

ለ) ሙሉእ ቍጽሪ ብዝተፈላለዩ ቍጽርታት ክሳብ ብ10 ምምቃል፣

ሐ) መባእታዊ ምድማርን ምጕዳልን ጕዝታት ምስራሕ፣

## 6.1 ምልላይ ጕዝታት

### ንጥፈት 6.1

1. ወይዘሮ ኣለም ክልተ ቆልዑ ዮሴፍን ዮናስን ኣለዉወን። ከምዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓንቲ ሕምባሻ ንክሊቲኦም ማዕረ ገረን መቒለናኦም።



ሀ) ብጽሒት ናይ ዮሴፍ ክንደይ እዩ፧

ለ) ብጽሒት ናይ ዮናስ ክንደይ እዩ፧

ኣብርሃም ብጽሒት ናይ ዮሴፍ ከምዚ ጌይሩ ረኺብዎ።

ሓደ ሙሉእ ሕምባሻ ንክልተ ንኽትመቕሎ (1 ÷ 2) $\frac{1}{2}$ ይጻሓፍ። ሓደ ፍርቂ ከኣ ይንበብ።




2. መርየም ሓደ ሙሉእ ኣራንሺ ንኣዜብ፡ ንዘይነብን፡ ንዘቢብን ማዕረ ጌይራ መቒላተን።




ሀ) ብጽሒት ናይ ኣዜብ ክንደይ እዩ፧

ለ) ብጽሒት ናይ ዘይነብ ክንደይ እዩ፧

ሐ) ብጽሒት ናይ ዘቢባ ክንደይ እዩ፧

ዓብዱ ብጽሒት ናይ ነፍሲወከፈን ከምዚ ጌይሩ ረኺብዎ።

> ሓደ ሙሉእ ሕምባሻ ንሰለስተ ንኽትመቅሎ (1 ÷ 3)
>
> $\frac{1}{3}$ ይጻሓፍ። ሓደ ሲሶ ከኣ ይንበብ።

3. ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ስእሊ ክቢ፣



ሀ) ክንደይ ክፋል ጸሊሙ፧

ለ) ክንደይ ክፋል ኣይጸለመን፧

4. ምሕረት ሓደ ሙሉእ ሕምባሻ ንኣሚር፣ ንኣለም፣ ንኣልማዝ፣ ንዓብደላን ማዕረ ገይራ መቒላቶም።




ሀ) ብጽሒት ናይ ዓሚር ክንደይ እዩ፧

ለ) ብጽሒት ናይ ኣለም ክንደይ እዩ፧

ሐ) ብጽሒት ናይ ኣልማዝ ክንደይ እዩ፧

መ) ብጽሒት ናይ ዓብደላ ክንደይ እዩ፧

5. ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ስእሊ፥



ሀ) ክንደይ ክፋል ጸሊሙ፧

ለ) ክንደይ ክፋል ኣይጸለመን፧

ዝኾነ ቁጽሪ $\frac{\text{ሀ}}{\text{ለ}}$ ዘጻሓፍ ጉዚ ይበሃል። እዞም ዝስዕቡ ንኣብነት $\frac{1}{2}$፣ $\frac{1}{3}$፣ $\frac{1}{4}$፣ $\frac{2}{5}$፣ $\frac{1}{6}$፣ $\frac{3}{7}$፣ $\frac{5}{8}$፣ $\frac{4}{10}$ ወ.ዘ.ተ. ጉዚ ይበሃሉ፥

ዝኾነ ጉዚ ክልተ ክፋላት ኣለዉዎ። ንሳቶም ከኣ ቆጻርን ረቛሕን ወይ ከኣ ተመቓልን መቓልን ይበሃሉ።

ንኣብነት ኣብ $\frac{2}{5}$

2 ------- ቆጻሪ ወይ ተመቃሊ እዩ።

5 ------- ረቛሒ ወይ መቓሊ እዩ።

## ንጥፈት 6.2

1. ሓደ ሙሉእ ኣራንሺ ንኣርባዕተ ቆልዑ ብማዕረ ምቕልዎም።

   ሀ) ብጽሒት ናይ ነፍሲወከፎም ክንደይ እዩ፧

   ለ) ብጽሒት ናይ ክልተ ካብኣቶም ክንደይ እዩ፧

   ሐ) ብጽሒት ናይ ሰለስተ ካብኣቶም ክንደይ እዩ፧

2. ሃይለ ሓደ ቃንጫ ን8 ኣዕርኽቱ ማዕረ መቒሉዎም።

   ሀ) ብጽሒት ናይ ነፍሲወከፎም ክንደይ እዩ፧

   ለ) ብጽሒት ናይ ክልተ ካብኣቶም ክንደይ እዩ፧

   ሐ) ብጽሒት ናይ ሰለስተ ካብኣቶም ክንደይ እዩ፧

   መ) ብጽሒት ናይ ኣርባዕተ ካብኣቶም ክንደይ እዩ፧

3. ነዞም ዝስዕቡ ብፊደል ጽሓፍዎም።

   ሀ) $\frac{1}{2}$ ለ) $\frac{1}{3}$ ሐ) $\frac{1}{4}$

   መ) $\frac{1}{5}$ ረ) $\frac{2}{3}$ ሰ) $\frac{3}{5}$

   ሸ) $\frac{5}{7}$ ቀ) $\frac{3}{8}$ በ) $\frac{5}{10}$

4. ነዞም ዝስዕቡ ብኣሃዝ ጻሓፍዎም።

ሀ) ሓደ ሲሶ

ለ) ክልተ ኣብ ልዕሊ ሓሙሽተ

ሐ) ሰለስተ ሕምሲት

መ) ሓሙሽተ ኣብ ልዕሊ ሹዱሽተ

ረ) ሓደ ፍርቂ

ሰ) ሓሙሽተ ኣብ ልዕሊ ሾሞንተ

ቀ) ሓደ ርብዒ

በ) ኣርባዕተ ኣብ ልዕሊ ሸውዓተ

5. ዝጎደለ ቆጻሪ ወይ ረቛሒ መልኡ።

ሀ) $\frac{\text{ሀ}}{2}$



ለ) $\frac{1}{\text{ለ}}$



ሐ) $\frac{\text{ሐ}}{4}$



መ) $\frac{1}{\text{መ}}$



ረ) 3/ረ 

ሰ) ረ/8 

ሸ) ሸ/7 

ቀ) 2/ቐ 

በ) 12/ቀ 

6. ሃይለ ሓደ ቃንጫ ን10 ቆሉዑት ማዕረ ጌይሩ መቒሉዎም።

   ሀ) ናይ ሓደ ቆልዓ ብጽሒት ክንደይ ክፋል እዩ፧

   ለ) ናይ ክልተ ቆልዑ ብጽሒት ክንደይ ክፋል እዩ፧

   ሐ) ናይ ሰለስተ ቆልዑ ብጽሒት ክንደይ ክፋል እዩ፧

   መ) ናይ ሸውዓተ ቆልዑ ብጽሒት ክንደይ ክፋል እዩ፧

## ንጥፈት 6.3

1. ሃና ሓደ ሙሉእ ቃንጫ ንኣዝመራን ንዛህራን ከምዚ ዝስዕብ ገይራ መቒላተን።



ሃና እቲ ጸሊም ሕብሪ ተለኺዩ ዘሎ ንኣዝመራ ሂባታ። እቲ ጻዕዳ ሕብሪ ተለኺዩ ዘሎ ንዛህራ ሂባታ። መን ዚያዳ ወሲዳ፧

ናይ ኣዝመራ ብጺሒት $\frac{1}{3}$ ናይቲ ቃንጫ እዩ። ናይ ዛህራ ብጺሒት ከኣ ናይቲ ቃንጫ $\frac{2}{3}$ እዩ። ስለዚ $\frac{2}{3} > \frac{1}{3}$ ዛህራ ዝያዳ ወሲዳ።

2. ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ስእሊ ንመልከት።



ሀ) ክንደይ ኢድ ጸሊም ተለኺዩ ኣሎ፧

ለ) ክንደይ ኢድ ጻዕዳ ተለኺዩ ኣሎ፧

ሐ) ጸሊም'ዶ ጻዕዳ ይዓቢ፧

3. ክንደይ ኢድ ናይ ነፍሲወከፍ ስእሊ ጸሊሙ ኣሎ፧

ሀ) 

ለ) 

ሐ) 

መ) 

4. ነዞም ዝስዕቡ < ወይ = ወይ > ተጠቒምኩም ኣወዳድርዎም።

ሀ) $\frac{1}{3}$ ___ $\frac{2}{3}$    ለ) $\frac{3}{3}$ ___ $\frac{1}{3}$    ሐ) $\frac{3}{4}$ ___ $\frac{1}{4}$

መ) $\frac{2}{5}$ ___ $\frac{3}{5}$    ረ) $\frac{4}{7}$ ___ $\frac{3}{7}$    ሰ) $\frac{4}{9}$ _ $\frac{5}{9}$

5. ኣየናይ ይዓቢ፧

ሀ) $\frac{1}{4}$ ዶ ወይስ $\frac{1}{3}$    ለ) $\frac{2}{3}$ ዶ ወይስ $\frac{2}{4}$

ሐ) $\frac{4}{7}$ ዶ ወይስ $\frac{4}{5}$    መ) $\frac{4}{9}$ ዶ ወይስ $\frac{4}{7}$

ረ) $\frac{5}{8}$ ዶ ወይስ $\frac{5}{6}$    ሰ) $\frac{4}{8}$ ዶ ወይስ $\frac{4}{5}$

6. እዚ ሰብኣይ ሸያጥ ስጋ እዩ። ንሓደ ኪሎ ስጋ ብ60 ናቕፋ ይሸጦ።



ሀ) ዋጋ 2 ኪሎ ስጋ ክንደይ እዩ፧

ለ) ዋጋ $\frac{1}{2}$ ኪሎ ስጋ ክንደይ እዩ፧

ሐ) ዋጋ $\frac{1}{4}$ ኪሎ ስጋ ክንደይ እዩ፧

## ንጥፈት 6.4

1. ምልእቲ ሕምባሻ ወይ ሕምባሻ መሰል ኣዳሊኹም፡

ሀ) $\frac{1}{2}$ ናይታ ሕምባሻ ኣርእዩ።

ለ) $\frac{1}{4}$ ናይታ ሕምባሻ ኣርእዩ።

ሐ) $\frac{1}{8}$ ናይታ ሕምባሻ ኣርእዩ።

2. ከምዛ ትስዕብ ቃንጫ ኣዳሊኹም፡



ሀ) $\frac{1}{4}$ ናይታ ቃንጫ ኣርእዩ።

ለ) $\frac{2}{4}$ ናይታ ቃንጫ ኣርእዩ።

ሐ) $\frac{1}{2}$ ናይታ ቃንጫ ኣርእዩ።

መ) $\frac{2}{8}$ ናይታ ቃንጫ ኣርእዩ።

ሰ) $\frac{3}{8}$ ናይታ ቃንጫ ኣርእዩ።

ረ) $\frac{1}{8}$ ናይታ ቃንጫ ኣርእዩ።

3. ኣየኒኦም ይዓቢ፧

ሀ) $\frac{1}{4}$ ናይታ ቃንጫ ዶ ወይስ $\frac{2}{8}$ ናይታ ቃንጫ።

ለ) $\frac{2}{4}$ ናይታ ቃንጫ ዶ ወይስ $\frac{1}{2}$ ናይታ ቃንጫ።

4. ሓንቲ ቁራጽ ወረቐት ኣዳሊኹም።

ሀ) $\frac{1}{2}$ ናይታ ወረቐት ኣርእዩ።

ለ) $\frac{2}{4}$ ናይታ ወረቐት ኣርእዩ።

ሐ) $\frac{1}{4}$ ናይታ ወረቐት ኣርእዩ።

መ) $\frac{2}{8}$ ናይታ ወረቐት ኣርእዩ።

ረ) $\frac{1}{8}$ ናይታ ወረቐት ኣርእዩ።

ሰ) $\frac{3}{6}$ ናይታ ወረቐት ኣርእዩ።

## ንጥፈት 6.5

1. ኣብርሃም 8 ኣራንሺ ኤረኖኦ። ንበይሉልን ንዕርድን ብማዕረ ከምዚ ኣብ ስእሊ ዘሎ ጌይሩ መቒሉዎም።



ሀ) ብጽሒት በይሉል $\frac{1}{2}$ ናይ 8 ኣራንሺ እንተዳኣ ኮይኑ በይሉል ክንደይ ኣራንሺ በጺሕዋ፡

ለ) ብጽሒት ዕርዲ'ኸ ክንደይ እዩ፧

ሐ) ብጽሒት ዕርዲ ክንደይ ኢድ ካብቲ ሙሉእ እዩ፧

2. ኢድሪስ 8 ኣራንሺ ኔረዎ። ን4 ተማሃሮ ማዕረ ጌይሩ ከምዚ ኣብ ስእሊ ዘሎ መቒሉዎም።



ሀ) ብጽሒት ናይ ነፍሲወከፎም ክንደይ እዩ፧

ለ) $\frac{1}{4}$ ናይ 8 ክንደይ እዩ፧

ሐ) $\frac{2}{4}$ ናይ 8 ክንደይ እዩ፧

መ) $\frac{3}{4}$ ናይ 8 ክንደይ እዩ፧

ረ) $\frac{4}{4}$ ናይ 8 ክንደይ እዩ፧

3. ነዘን ኣብ ስእሊ ንርእየን ዘለና 12 ካራመላ ን6 ተማሃሮ ማዕረ ገርኩም ምቐሉዎም።



ሀ) ብጽሒት ናይ ነፍሲወከፎም ክንደይ እዩ፧

ለ) $\frac{1}{6}$ ናይ 12 ክንደይ እዩ፧

ሐ) $\frac{2}{6}$ ናይ 12 ክንደይ እዩ፧

መ) $\frac{3}{6}$ ናይ 12 ክንደይ እዩ፧

ረ) $\frac{4}{6}$ ናይ 12 ክንደይ እዩ፧

ሰ) $\frac{5}{6}$ ናይ 12 ክንደይ እዩ፧

4. 12 ተማሃሮ ኣብ 3 ጕጅለ ማዕረ ተመዲቦም።



ሀ) ኣብ ሓደ ጕጅለ ክንደይ ተማሃሮ ኣለዉ፧

ለ) $\frac{1}{3}$ ናይ 12 ክንደይ እዩ፧

ሐ) $\frac{2}{3}$ ናይ 12 ክንደይ እዩ፧

5. ጅምዓ 12 ባሊናታት ኣለዋ። ከምዚ ኣብ ስእሊ ንርእዮ ከኣ ኣብ 4 መዲባተን።



ሀ) ኣብ ሓደ ጕጅለ ክንደይ ባሊና ኣለዋ፧

ለ) $\frac{1}{4}$ ናይ 12 ክንደይ እዩ፧

ሐ) $\frac{2}{4}$ ናይ 12 ክንደይ እዩ፧

መ) $\frac{3}{4}$ ናይ 12 ክንደይ እዩ፧

6. ኣብ ሓደ ዘንቢል 15 ባሊናታት ኣለዋ። ከምዚ ኣብ ስእሊ ንርእየን ከኣ ኣብ 3 ተመዲበን ኣለዋ።



ሀ) ኣብ ሓደ ጕጅለ ክንደይ ባሊና ኣለዉ፧

ለ) $\frac{1}{3}$ ናይ 15 ክንደይ እዩ፧

ሐ) $\frac{2}{3}$ ናይ 15 ክንደይ እዩ፧

7. ዳዊት 15 ነጥብታት ከምዚ ኣብ ስእሊ ንርእየን ዘለና ሰሪዑዎን።



ሀ) ኣብ ሓሙሽተ ጕጅለ እንተ መዲብናየን ኣብ ነፍሲወከፍ ጕጅለ ክንደይ ነጥብታት ኣለዋ፧

ለ) $\frac{1}{5}$ ናይ 15 ክንደይ እዩ፧

ሐ) $\frac{2}{5}$ ናይ 15 ክንደይ እዩ፧

መ) $\frac{3}{5}$ ናይ 15 ክንደይ እዩ፧

ረ) $\frac{4}{5}$ ናይ 15 ክንደይ እዩ፧

8. ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ንመልከት።



ሀ) ክንደይ ነጥብታት ኣለዉ፧

ለ) $\frac{1}{9}$ ናይ ዞም ነጥብታት ክንደይ እዩ፧

ሐ) $\frac{2}{9}$ ናይ ዞም ነጥብታት ክንደይ እዩ፧

መ) $\frac{3}{9}$ ናይ ዞም ነጥብታት ክንደይ እዩ፧

ሰ) $\frac{1}{3}$ ናይ ዞም ነጥብታት ክንደይ እዩ፧

ረ) $\frac{2}{3}$ ናይ ዞም ነጥብታት ክንደይ እዩ፧

## 6.2 ምድማርን ምጉዳልን ጉዝታት

### ንጥፈት 6.6

1. ነዞም ዝስዕቡ ደምሩ።

ሀ) $\frac{1}{2} + \frac{1}{2}$

ለ) $\frac{1}{3} + \frac{1}{3} + \frac{1}{3}$

ሐ) $\frac{1}{4} + \frac{1}{4} + \frac{1}{4} + \frac{1}{4}$

መ) $\frac{1}{5} + \frac{1}{5} + \frac{1}{5} + \frac{1}{5} + \frac{1}{5}$

ረ) $\frac{1}{6} + \frac{1}{6} + \frac{1}{6} + \frac{1}{6} + \frac{1}{6} + \frac{1}{6}$

ሰ) $\frac{1}{7} + \frac{1}{7} + \frac{1}{7} + \frac{1}{7} + \frac{1}{7} + \frac{1}{7} + \frac{1}{7}$

2. ደምሩ።

ሀ) $\frac{3}{4} + \frac{1}{4}$

ለ) $\frac{2}{3} + \frac{1}{3}$

ሐ) $\frac{2}{5} + \frac{3}{5}$

መ) $\frac{2}{6} + \frac{3}{6}$

ረ) $\frac{5}{10} + \frac{3}{10}$

ሰ) $\frac{2}{7} + \frac{5}{7}$

ሸ) $\frac{4}{9} + \frac{1}{9}$

ቀ) $\frac{5}{8} + \frac{3}{8}$

በ) $\frac{2}{7} + \frac{3}{7}$

ተ) $\frac{4}{6} + \frac{2}{6}$

ቸ) $\frac{4}{10} + \frac{6}{10}$

ነ) $\frac{2}{9} + \frac{7}{9}$

3. ኣጉድሉ።

ሀ) $\frac{3}{4} - \frac{1}{4}$

ለ) $\frac{2}{3} - \frac{1}{3}$

ሐ) $\frac{3}{5} - \frac{2}{5}$

መ) $\frac{2}{4} - \frac{1}{4}$

ረ) $\frac{2}{7} - \frac{1}{7}$

ሰ) $\frac{5}{6} - \frac{3}{6}$

ሸ) $\frac{5}{9} - \frac{2}{9}$

ቀ) $\frac{4}{10} - \frac{2}{10}$

በ) $\frac{4}{5} - \frac{1}{5}$

ተ) $\frac{5}{8} - \frac{3}{8}$

## ንጥፈት 6.7

### መጠቓለሊ ሕቶታት

1. ነዞም ዝስዕቡ ብቃላት ጽሓፍዎም፥

ሀ) $\frac{3}{5}$

ለ) $\frac{6}{7}$

ሐ) $\frac{7}{11}$

መ) $\frac{3}{8}$

ረ) $\frac{5}{9}$

ሰ) $\frac{9}{10}$

2. ነዞም ዝስዕቡ ብኣሃዝ ጽሓፍዎም

ሀ) ሰለስተ ስምኒት

ለ) ኣርባዕተ ሕምሲት

ሐ) ሸውዓተ ዕስሪት

መ) ሸሞንተ ትስዒት

ረ) ክልተ ሲሶ

ሰ) ሓደ ስብዒት

3. ነዞም ዝስዕቡ ብ < ፡ > ፡ = ኣወዳድሩ

ሀ) $\frac{3}{5}$ ____ $\frac{2}{5}$

ለ) $\frac{3}{7}$ ____ $\frac{5}{7}$

ሐ) $\frac{4}{9}$ ___ $\frac{7}{9}$

መ) $\frac{6}{8}$ ___ $\frac{5}{8}$

ረ) $\frac{3}{5}$ ___ $\frac{2}{10}$

ሰ) $\frac{3}{14}$ ___ $\frac{5}{7}$

ሸ) $\frac{2}{3}$ ___ $\frac{7}{9}$

ቀ) $\frac{6}{8}$ ___ $\frac{3}{4}$

4. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ስርሑ፥

ሀ) $\frac{3}{5}$ ናይ 15 ክንደይ እዩ፧

ለ) $\frac{5}{7}$ ናይ 28 ክንደይ እዩ፧

ሐ) $\frac{5}{6}$ ናይ 24 ክንደይ እዩ፧

መ) $\frac{5}{8}$ ናይ 40 ክንደይ እዩ፧

5. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ስርሑ፥

ሀ) $\frac{1}{4} + \frac{1}{4}$

ለ) $\frac{1}{3} + \frac{1}{3}$

ሐ) $\frac{5}{10} + \frac{3}{10}$

መ) $\frac{6}{7} - \frac{4}{7}$

ረ) $\frac{5}{8} - \frac{3}{8}$

ሰ) $\frac{6}{10} - \frac{2}{10}$

# ምዕራፍ 7

# ጆኦሜትሪ

**ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢት ምህሮ**

ኣብ መወዳእታ ናይዚ ምዕራፍዚ ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢታት፡

ሀ) ዝተፈላለዩ ሕንጻጻት ኣለሊኻ ምስኣል፡

ለ) ሓደ መበገሲ ዘሎዎም ጨራታት ብምጥቃም ዝተፈላለዩ ኵርናዓት ምስራሕ፡

ሐ) ሱሉስ ኵርናዕ፡ ርቡዕ ኵርናዕን፡ ክብን፡ ፈላሊኻ ምልላይን ምስኣልን፡

መ) ዝተፈላለዩ ሱሉስ ኵርናዓትን ርቡዕ ኵርናዓትን ስያሜኦም ምርቛሕ።

ረ) ተመሳሰልትን፡ ኩሉ-እንተናዊ ማዕረ ዝኾኑ ቅርጽታት ፈላሊኻ ምልላይ።

## 7.1 ሕንጻጻት

### ንጥፈት 7.1

1. ጸሓይ ናብ መሬት ብጨራታታ ገይራ ብርሃን ትሰድድ። ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ስእሊ ንመልከት፡



ዝኾነ ጨራ መበገሲ ነጥቢ ኣለዎ።

• እዚ ነጥቢ ይበሃል።

እዚ ሕንጻጽ ከኣ ጨራ ይበሃል።

2. ኢብራሂምን ኣብራሃምን ናብ ኣንጻር መኣዝን ዝርእያ ክልተ ጨራታት ስኢሎም። ቀጺሎም ነተን ጨራታት ከምዚ ዝስዕብ ኣላጊቦመን።

ናይ ኢብራሂም ናይ ኣብራሃም

ሀ) ክልተ ጨራታት መበገሲኦም ሓደ ኮይኑ ናብ ኣንጻር መኣዝን ዝርእዩ ስኣሉ።

ለ) ስእልኹም መጨረሽታ ነጥቢ ኣለዎ'ዶ፧

ሐ) ከምዚ ዝመስል ስእሊ እንታይ ይበሃል፧

| |
|---|
| ከምዚ ↔ ቁኑዕ ሕንጻጽ ይበሃል። |



3. ዓሊን ኣሮንን ኣኽበረትን ከምዚ ዝስዕብ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ሕንጻጻት ስኢሎም።

ናይ ዓሊ ↔

ናይ ኣሮን •———•

ናይ ኣኽበረት →

ሀ) እዞም ስእልታት ሓደ ድዮም፧

ለ) ኣየናዮም መበገሲ ነጥቢ ኣለዎ፧

ሐ) ኣየናዮም ሓደ መበገሲ ነጥቢ ኣለዎ፧

መ) ኣየናዮም ክልተ መጨረሽታ ነጥቢታት ኣለዎ፧

ረ) ኣየናዮም ናይ መወዳእታን መጀመርታን ነጥቢ የብሉን፧

| | |
|---|---|
| ↔ | እዚ ቅኑዕ ሕንጻጽ ይበሃል። |
| •———• | እዚ ቅኑዕ ዉሱን ሕንጻጽ ይበሃል። |
| → | እዚ ጨራ ይበሃል። |

## ንጥፈት 7.2

1. ነዞም ዝስዕቡ ስኣሉ።

   ሀ) ነጥቢ ለ) ሕንጻጽ (ቅኑዕ ውሱን ሕንጻጽ)

   ሐ) ቅኑዕ ሕንጻጽ መ) ጨረ

2. ሀ • • ለ

   መ • • ሐ

   ሀ) 'ሀ'ን 'ለ'ን ኣራኽብዎም። እንታይ ሰሪሕኩም፧

   ለ) መበገሲ ነጥብኹም ኣብ 'ሐ' ጌርኩም ጨረ ስርሑ።

   ሐ) መጀመርታን መጨረሽታን ዘይብሉ ብ'ለ'ን ብ'ሐ''ን ዝሓልፍ ሕንጻጽ ስርሑ።

   መ) ሓደ ጨረ መበገሲኡ 'መ' ኮይኑ ብ'ሐ' ዝሓልፍ ስርሑ።

3. ኣብ ሓደ ቅኑዕ ውሱን ሕንጻጽ ክንደይ ናይ መወዳእታ ነጥብታት ኣለዉ፧

4. ሓደ ቅኑዕ ሕንጻጽ ክንደይ ናይ መወዳእታ ነጥብታት ኣለዉዎ፧

5. ሓደ ጩራ ክንደይ ናይ መወዳእታ ነጥብታት ኣለዉዎ፧

6. ነዞም ዝስዕቡ ስመይዎም።




7. ካብ ከባቢኹም ኣብነት ናይ ቅኑዕ ዉሱን ሕንጻጽ ስመዩ።

8. ካብዚ ስእሊ 4 ቅኑዕ ዉሱን ሕንጻጽ ስመዩ።



# 7.2 ኰርናዕ

## ንጥፈት 7.3

1. መምህር ንተማሃርኡ ክልተ ጨራታት መበገሲኦም ሓደ ዝኾነ ንክስእሉ ዕዮ ገዛ ሂቡዎም።

   ኣሕመድ ከምዚ ዝስዕብ ጌይሩ ስኢሉ።




ኣብ መንጎ ዘን ክልተ ጨራታት ዘሎ ቦታ ኰርናዕ ይበሃል።




‘$\overrightarrow{\text{ሀለ}}$’ ን ‘$\overrightarrow{\text{ሀሐ}}$’ን ናይ ኰርናዕን ጐድንታት ይበሃሉ

‘ሀ’ ከኣ መላግቦ ናይ ∠ለሀሐ ኰርናዕ እዩ።



2. ብቅልጽምኩም ጌርኩም ዅርናዕ ስርሑ።

ሀ) ኣሕመድ ከምዚ ዝስዕብ ሰሪሑ።



ለ) ዝሰራሕኩምዎ ዅርናዕ ዓቢ ድዩ ወይስ ንእሽቶይ፧

ሐ) ዅርናዕኩም ምስ ናይ ብጾትኩም ኣወዳድርዎ፧

3. ብኣጻብዕትኹም ጌርኩም ዅርናዕ ስርሑ።



ብዝኾኑ ጽምዲ ኣጻብዕትኹም ጌርኩም ዝሰራሕክምዎ ዅርናዕ ሓደ ድዩ ፧

4. ክልተ ዕንጨይቲ ኣላጊብኩም ኵርናዕ ስርሑ።
ንኣብነት ዝተፈላለዩ ተማሃሮ ዝተፈላለየ ኵርናዓት ሰሪሖም።



ሀ) እዞም ኵርናዓት ሓደ ድዮም፧
  ለ) ዝሰራሕክምዎ ኵርናዕን ብጾትኩም ዝሰርሕዎም ኵርናዓት ሓደ ድዮም፧
  ሐ) ኩሎም ብደቂ ክፍልኹም ዝተሰርሑ ኵርናዓት ማዕረ ድዮም፧

5. ሓደ ኵርናዕ ብክልተ ጨራ ጌርኩም ስርሑ።

6. ነዞም ዝስዕቡ ስእልታት ተመልከቱ።




ሀ) ናይ ነፍሲወከፍ ኰርናዕ ጐድንታት ስመዩ፤

ለ) ናይ ነፍሲወከፍ ኰርናዕ መላግቦ ፊደል ስመዩ፤

ሐ) ነቶም ኰርናዓት ስመይዎም።

## 7.3 ስሉስ ኰርናዕ

### ንጥፈት 7.4

1. ከምዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ነጥብታት ስኣሉ።

•ሀ

. ለ . ሐ

ንሰለስቲኦም ነጥብታት ኣራኽብዎም።

ሀ) ነዞም ነጥብታት ኣላጊብኩም ክንደይ ቅኑዕ ሕንጻጻት ክትስርሑ ትኽእሉ፤

ለ) ነቶም ቅኑዕ ውሱን ሕንጻጻት ስመይዎም።

ሐ) ክንደይ ኰርናዓት ስኢልኩም፡

መ) ነቶም ኰርናዓት ስመይዎም።

ንኣብነት፥ ሮብለን ራሄልን ብሓደ ሰሪሐን። ከምዚ ዝስዕብ ከኣ መሊሰን።

ሀ)




ነዞም ነጥብታት ብምርኻብ 3 ቅኑዕ ዉሱን ሕንጻጻት ሰሪሔን።

ለ) እቶም ቅኑዕ ዉሱን ሕንጻጻት ከኣ $\overline{\text{ሀለ}}$፥ $\overline{\text{ለሐ}}$፥ $\overline{\text{ሐሀ}}$ ይበሃሉ።

ሐ) ነዞም ነጥብታት ብምርኻብ 3 ኰርናዓት ሰሪሔን።

መ) እቶም ኰርናዓት ከኣ ∠ሀለሐ፥ ∠ሀሐለ፥ ∠ለሀሐን ይበሃሉ።

2. ሮብለን ራሄልን ዝሰርሖኦ ቅርጺ እንታይ ይበሃል፡




3.




ሀ) ኣብዚ ስእሊ ክንደይ ቅኑዕ ዉሱን ሕንጻጻት ኣለዉ፡

ለ) ኣብዚ ስእሊ ነቶም ቅኑዕ ዉሱን ሕንጻጻት ስመይዎም።

ሐ) ኣብዚ ስእሊ ክንደይ ኵርናዓት ኣለዉ፡

መ) ኣብዚ ስእሊ ነቶም ኵርናዓት ስመይዎም።

## 7.4 ርቡዕ ኵርናዕ

### ንጥፈት 7.5

1. ከምዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ነጥብታት ስኣሉ።

ሀ ·                    · መ

ለ ·                    ·ሐ

ነኣርባዕቲኦም ነጥብታት ኣራኽብዎም።

ሀ) ነዞም ነጥብታት ኣላጊብኩም ክንደይ ቅኑዕ ወሰን ሕንጻጻት ክትሰርሑ ትኽእሉ፧

ለ) ነቶም ቅኑዕ ወሰን ሕንጻጻት ስመይዎም።

ሐ) ክንደይ ኵርናዓት ክትሰርሑ ትኽእሉ፧

መ) ነቶም ኵርናዓት ስመይዎም።

ሮሞዳንን ግርማይን ብሓደ ሰሪሖም። ከምዚ ዝስዕብ ከኣ መሊሶም።

ሀ)




ነዞም ነጥብታት ኣላጊቦም 4 ቅኑዕ ወሰን ሕንጻጻት ሰሪሖም።

ለ) እቶም ቅኑዕ ዉሱን ሕንጻጻት ከኣ

ሀለ፡ ለሐ፡ ሐመ፡ መሀ ኢሎም ሰምየሞም።

ሐ)ነዞም ነጥብታት ብምርኻብ 4 ኵርናዓት ሰሪሖም።

መ) እቶም ኵርናዓት ከኣ ∠ሀለሐ፡ ∠ለሐመ፡ ∠ሐመሀ፡

∠መሀለን ኢሎም ሰምየሞም።

ረ) እቶም መላግቦ ኵርናዓት ከኣ ሀ፡ ለ፡ ሐን መ’ን

ይበሃሉ።

2. ሮሞዳንን ግርማይን ዝሰርሕዎ ቅርጺ እንታይ

ይበሃል፡



3.




ሀ) እዚ ርቡዕ ኵርናዕ ክንደይ ቅኑዕ ዉሱን ሕንጻጻት ኣለዉዎ፧

ለ) ነቶም ቅኑዕ ዉሱን ሕንጻጻት ስመይዎም።

ሐ) እዚ ርቡዕ ኵርናዕ ክንደይ ኵርናዓት ኣለዉዎ፧

መ) እቶም ኵርናዓት ስመይዎም።

ረ) ነቶም መላግቦ ስመይዎም።

## ንጥፈት 7.6

1. ነዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ስርሑ።

   3 ዕንጨይቲ ኣላጊብኩም ቅርጺ ናይ ስሉስ ኵርናዕ ስርሑ።



ነቶም መላግቦ ናይ ነፍሲወከፍ ኵርናዕ

ሀ፡ ለ፡ ሐ ኢ.ልኩም ስመይዎም።

ሀ) ክንደይ ቅኑዕ ዉሱን ሕንጻጻት ሰሪሕኩም፡ ስመዩዎም።

ለ) ክንደይ ኵርናዓት ሰሪሕኩም፡ ስመዩዎም።

2. ነዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ስርሑ።

4 ዕንጨይቲ ኣላጊብኩም ቅርጺ ናይ ርቡዕ ኵርናዕ ስርሑ።



ነቶም መላግቦ ናይ ነፍሲወከፍ ኵርናዕ ሀ፡ ለ፡ ሐ፡ መ ኢ.ልኩም ስመይዎም።

ሀ) ክንደይ ቅኑዕ ዉሱን ሕንጻጻት ሰሪሕኹም፡ ስመዩዎም።

ለ) ክንደይ ኵርናዓት ሰሪሕኩም፡ ስመይዎም።

# 7.5 ምልላይ ቅርጽታት

## ንጥፈት 7.7

1. ካብዞም ዝስዕቡ ስሉስ ኩርናዕ ዝኾኑ ኣየኖት

   እዮም ፧




2. ካብዞም ዝስዕቡ ርቡዕ ኩርናዕ ዝኾኑ ኣየኖት

   እዮም፧



3. ካብዞም ዝስዕቡ ዓንኬል ዝኾኑ ኣየኖት እዮም፡




## 7.6 ዝመሳሰሉ ቅርጽታት

### ንጥፈት 7.8

1. ነዞም ዝስዕቡ ቅርጽታት ተመልከቱ።




ካብዞም ስእልታት ሓደ ዓይነት ቅርጺ ዘለዎም

ኣየኖት እዮም ፡

2. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ነዞም ስእሊ ሪኢኹም መልስዎም።




ሀ) ኩሎም ስሉስ ኵርናዕ ድዮም፧

ለ) ካብዞም ስእልታት ሓደ ዓይነት ቅርጺ ዘለዎም ኣየኖት እዮም፧

3. ነዞም ዝስዕቡ ስእልታት ሪኢኹም መልስዎም።




ሀ) ኩሎም ርቡዕ ኵርናዕ ድዮም፧

ለ) ካብዞም ስእልታትት ሓደ ዓይነት ቅርጺ ዘለዎም

ኣየኖት እዮም፧

7. ነዞም ዝስዕቡ ስእልታት ተመልከቱ።




ሀ) ኩሎም ርቡዕ ኵርናዕ ድዮም፧

ለ) ካብዞም ስእልታት ሓደ ዓይነት ቅርጺ ዘለዎም

ኣየኖት እዮም፧

5. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብመሰረት እዞም ስእልታት

መልሱም።




ሀ) ካብዞም ስእልታት ብዝሒ ጐድንታቶም ሓደ ዝኾኑ ኣየኖት እዮም፧

ለ) ካብዞም ስእልታት ብዝሒ ኲርናዓቶም ሓደ ዝኾኑ ኣየኖት እዮም፧

ሐ) ካብዞም ስእልታት ሓደ ዓይነት ቅርጺ ዘለዎም ኣየኖት እዮም፧

6. ሓደ ዓይነት ቅርጺ ዘለዎም ቅርጽታት እንታይ ይበሃሉ፧

## 7.7 ብዅሉ ማዕረ ዝኾኑ ቅርጽታት

### ንጥፈት 7.9

1. ነዘን ዝስዕባ ሕቶታት መልሱ።




ሀ) ሓደ ዓይነት ቅርጺ'ዶ ኣለወን፧

ለ) ሓደ ዓይነት ዓቀን'ዶ ኣለወን፧ ብኸመይ ንፈልጦ፧

ኣድያምን ኣይዳን ተመያይጠን ከምዚ ዝስዕብ ከኣ መሊሰን።

ሀ) እዘን ክልተ ስእልታት ሓደ ዓይነት ቅርጺ ኣለወን።

ለ) ኣብ ልዕሊ 'ሀ' ጻዕዳ ወረቐት ኣቐሚጠን ን'ሀ' ቀዲሐናኣ። ቀጺለን ኣብ ልዕሊ 'ለ' ኣቀሚጠናኣ። እተን ስእልታት ገጢመን ስለዚ ብዅሉ ማዕረ እየን ኢለን።

2. ከም ናይ ኣድያምን ኣይዳን ኣገባብ ገርኩም ነዞም ክልተ ኣሳእል ዝጋጠሙን ዘይጋጠሙን ምዃኖም ኣረጋግጹ።




3. ነዞም ዝስዕቡ ቅርጽታት ተመልከቱ።




ሀ) ካብዞም ስእልታት ሓደ ዓይነት ቅርጺ ዘለዎም ኣየኖት እዮም፧

ለ) ካብዞም ስእልታት ሓደ ዓይነት ቅርጽን ማዕረ ንውሓት ጐድንታትን ዘለዎም ኣየኖት እዮም፧




4. ሓደ ዓይነት ቅርጽን ማዕረ ጐድንታትን ዘለዎም ክልተ ስሉስ ኵርናዓት ስኣሉ።

   ሀ) ሓደ ኣብ ልዕሊ ሓደ ዘርግሕዎ። ገጢሞም’ዶ፧

   ለ) ብዅሉ ማዕረ ድዮም፧

5. ሀ) ብዅለ ማዕረ ዝኾኑ ክልተ ስሉስ ኵርናዕ ስኣሉ።

   ለ) ብዅለ ማዕረ ዝኾኑ ክልተ ርቡዕ ኵርናዕ ስኣሉ።

## ንጥፈት 7.10

### መጠቓለሊ ሕቶታት

1. ኣስማት ኵርናዓት ናይዞም ቅርጽታት ጽሓፉ።

ሀ)




ለ)




2. ካብዞም ተዋሂቦም ዘለዉ ቅርጽታት ብኵሉ ማዕረ ዝኾኑ ብጽምዲ ብፊደላቶም ፊሊኹም ስመዩ።



3. ነዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ስርሑ።

ሀ) ሰለስተ ነጥብታት ምልክት ግበሩ።

ለ) ነዞም ነጥብታት ኣራኽብዎም።

ሐ) ነቶም ቅኑዕ ዉሱን ሕንጻጻት ስመይዎም።

መ) ነቶም ኵርናዓት ስመይዎም።

ረ) ዝሰኣልክምዎ ስእሊ እንታይ ይበሃል፤

4. ነዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ስርሑ።

ሀ) ኣርባዕተ ነጥብታት ምልክት ግበሩ።

ለ) ነቶም ነጥብታት ኣራኽብዎም።

ሐ) ነቶም ቅኑዕ ዉሱን ሕንጻጻት ስመይዎም።

መ) ነቶም ኵርናዓት ስመይዎም።

ረ) ዝሳኣልክምዎ ስእሊ እንታይ ይበሃል፤

# ምዕራፍ 8

# መዐቀኒታት

**ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢት ምህሮ**

**ኣብ መወዳእታ ናይዚ ምዕራፍዚ ትጽቢት ዝግበረሉ ውጽኢት፡**

**ሰለስተ ዓይነት መዐቀኒታት ማለት፡ ናይ ንውሓት፡ ናይ ክብደት፡ ከምኡውን ናይ ትሕዝቶ መዐቀኒታት ምልላይን ምጥቃምን።**

## 8.1 ንውሓት፡

### ንጥፈት 8.1

1. ነዞም ዝስዕቡ ስእልታት ብመስመርኩም ቁመቶምን ጎድኖምን ዓቅንዎም።

ሀ



ለ)



ሐ)



መ)



2. ዳዊትን ሃይለን ኣሕዋት እዮም።




ሀ) ኣነ ካብ ሓወይ እሓጽር። ቁመተይ ___ ሰንቲ ሜተር እዩ።




ለ) ኣነ ካብ ሓወይ እነውሕ። ቁመተይ ___ ሰንቲ ሜተር እዩ።

ሐ) ዳዊት ንሓዉ ብኽንደይ ሰንቲ ሜተር ይነውሖ፧

3. ሀ) ኣብ ክፍልኹም እቲ ዝነውሐ ተማሃራይ መን እዩ፧

ለ) ቁመቱ'ኸ ክንደይ ሰንቲ ሜተር ይኸውን፧

4. ሀ) ኣብ ክፍልኹም እቲ ዝሓጸረ ተማሃራይ መን እዩ፧

ለ) ቁመቱ'ኸ ክንደይ ሰንቲ ሜተር ይኸውን፧

5. ቁመትኩም ዓቕኑ። ክንደይ ሰንቲ ሜተር ኮይኑ፧

6. ካብ ስድራኹም እቲ ዝነውሐ ሰብ መን እዩ፧

ቁመቱ ክንደይ እዩ፧

7. ሀ) ካብ ስድራኹም እቲ ዝሓጸረ መን እዩ፧

ለ) ቁመቱ ክንደይ እዩ፧

8. ሓደ ሜተር ዝንውሓቱ በትሪ ኣዳሊኹም፡ ነዞም ዝስዕቡ ዓቕኑ።

ሀ) ንውሓትን ጐድንን ማዕጾ ናይ ክፍልኹም፡

ለ) ንውሓትን ጐድንን ናይ ገዛኹም፡

ሐ) ንውሓት ናይ ሰደቓኹም፡

መ) ንውሓትን ጐድንን ናይ ሰሌዳኹም፡

ረ) ንውሓትን ጐድንን ናይ ክፍልኹም፡

9. ብመስመርኩም ገይርኩም ነዞም ዝስዕቡ ዓቅንዎም።

ሀ) በ ———————————— ሸ

$\overline{\text{በ ሸ}}$ = _____ ሰንቲ ሜተር ኢዩ።

ለ) ከ ———————————————— ወ

$\overline{\text{ከ ወ}}$ = ____ ሰንቲ ሜተር ኢዩ።

10. ጐድንታት ናይዛ ርቡዕ ኵርናዕ ዓቕኑ።




መ በ = ____ ሰንቲ ሜተር እዩ።

በ ሰ = _____ ሰንቲ ሜተር እዩ።

ሰሐ = _____ ሰንቲ ሜተር እዩ።

ሐመ = _____ ሰንቲ ሜተር እዩ።

11. ጐድንታት ናይዛ ስሉስ ኵርናዕ ዓቅኑ።




ሀ ለ = _____ ሰንቲ ሜተር እዩ።

ለ ሐ = _____ ሰንቲ ሜተር እዩ።

ሐ ሀ = _____ ሰንቲ ሜተር እዩ።

**ሜትርን ሰንቲ ሜትርን ናይ ንውሓት መዐቀኒታት እዮም፣**

1 **ሜትር** = 100 **ሰንቲ ሜትር እዩ**

1**ሜ** = 100 **ሰ.ሜ. ተበሂሉ ይጻሓፍ**






## ንጥፈት 8.2

1. **መምህር ኣዜብ ንተማሃሮኣ** 2 **ሜትር ናብ ሰንቲ ሜትር ንኽልውጥዎ ንጥፈት ሂባቶም።**

   **ሄለን ብኸምዚ ዝስዕብ ገይራ ሰሪሓታ።**

1 **ሜ** =100 **ሰ.ሜ ኢዩ።**
2 **ሜ** = 2×100 = 200 **ሰ.ሜ**



2. **ነዞም ዝስዕቡ ናብ ሰንቲ ሜትር ለውጥዎም።**

   **ሀ**) 4 **ሜ** = 4 × 100 = 400 **ሰንቲ ሜትር እዩ።**

   **ለ**) 5 **ሜ** **ሐ**) 7 **ሜ** **መ**) 8 **ሜ**

   **ረ**) 10 **ሜ** **ሰ**) 14 **ሜ**

3. መምህር ንተማሃሮኡ ነዞም ዝስዕቡ ናብ ሰንቲ ሜተር ንኽልውጥዎም ሓቲተሞም።

ሀ) $1\frac{1}{2}$ሜ   ለ) $1\frac{1}{4}$ሜ   ሐ) $1\frac{3}{4}$ሜ

ጅምዓ ብኽምዚ ዝስዕብ ገይራ ሰሪሓቶም።

$1\frac{1}{2}$ሜ = 100 ሰ.ሜ + 50 ሰ.ሜ =150 ሰ.ሜ

$1\frac{1}{4}$ሜ = 100 ሰ.ሜ + 25 ሰ.ሜ =125 ሰ.ሜ

$1\frac{3}{4}$ሜ = 100 ሰ.ሜ + 75 ሰ.ሜ =175 ሰ.ሜ



4. ነዞም ዝስዕቡ ናብ ሰንቲ ሜተር ለውጥዎም።

ሀ) $2\frac{3}{4}$ሜተር   ለ) $5\frac{1}{2}$ ሜተር

ሐ) $3\frac{1}{2}$ ሜተር   መ) $3\frac{1}{4}$ሜተር

ረ) $6\frac{3}{4}$ ሜተር

5. ናስር 1 ሜተርን 30 ሰንቲ ሜተርን ዘሊሉ። ዝዘለሎ ንውሓት ክንደይ ሰንቲ ሜተር እዩ፧

6. ነዞም ዝስዕቡ ብሰንቲ ሜትር ጽሓፍዎም።

ሀ) 1 ሜትርን 40 ሰንቲ ሜትርን፣

ለ) 4 ሜትርን 15 ሰንቲ ሜትርን፣

ሐ) 5 ሜትርን 70 ሰንቲ ሜትርን፣

መ) 8 ሜትርን 25 ሰንቲ ሜትርን፣

ረ) 9 ሜትርን 35 ሰንቲ ሜትርን፣

7. ነዞም ዝስዕቡ ሜትር ጽሓፍዎም።

ሀ) 300 ሰ.ሜ = 300 ÷ 100 = 3 ሜ

ለ) 500 ሰ.ሜ ሐ) 700 ሰ.ሜ

መ) 2000 ሰ.ሜ ረ) 1300 ሰ.ሜ

ሰ) 4800 ሰ.ሜ

## ንጥፈት 8.3

1. ካብ ገዛኹም ናብ ቤት ትምህርትኹም ዘሎ ርሕቀት ክንደይ ሜትር ይኸውን፧

2. ኣብ መዓልቲ ክንደይ ሜትር ትጓዓዙ፧

3. ካብ ሜትር ዝዓቢ ናይ ርሕቀት መለክዒ ኣሎ'ዶ፧ እንታይ ይበሃል፧

*ካብ ሜተርን ሰንቲ ሜተርን ዝዓበየ ናይ ርሕቀት መለክዒ ኪሎ ሜተር ይበሃል።*

*1 ኪሎ ሜተር (ኪ.ሜ) = 1000 ሜተር እዩ።*

*1 ኪ.ሜ = 1000 ሜ ኢልና ንጽሕፎ።*



4. ካብ ገዛኹም ናብ ቤት ትምህርትኹም ዘሎ ርሕቀት ብኪሎ ሜተር ገምቱ፧

5. ኤርትራ ክንደይ ኪሎ ሜተር ዝንውሓቱ ገማግም ባሕሪ ኣለዋ፧

6. ነዞም ዝስዕቡ ናብ ሜተር ለውጥዎም።

ሀ) 3 ኪ.ሜ = 3 × 1000 = 3000 ሜ

ለ) 5 ኪ.ሜ ሐ) 6 ኪ.ሜ

መ) 12 ኪ.ሜ ረ) 8 ኪ.ሜ

ሰ) 9 ኪ.ሜ

7. ነዞም ዝስዕቡ ናብ ሜተር ለውጥዎም።

$\frac{1}{2}$ ኪ.ሜ = 1000 ÷ 2 = 500 ሜ

$\frac{1}{4}$ ኪ.ሜ = 1000 ÷ 4 = 250 ሜ



ሀ) $1\frac{1}{2}$ ኪ.ሜ

ለ) $4\frac{1}{2}$ ኪ.ሜ

ሐ) $\frac{3}{4}$ ኪ.ሜ

መ) $2\frac{1}{4}$ ኪ.ሜ

8. ነዞም ዝስዕቡ ናብ ኪሎ ሜተር ለውጥዎም።

1000 ሜተር =1000 ÷1000 =1 ኪ.ሜ



ሀ) 2000 ሜ

ለ) 7000 ሜ

ሐ) 5000 ሜ

መ) 3000 ሜ

ረ) 20000 ሜ

ሰ) 50000 ሜ

ሸ)11000 ሜ

9. ሓንቲ መኪና ኣብ ሓደ ሰዓት 40 ኪሎ ሜተር ትጓዓዝ።

ሀ) ኣብ 4 ሰዓት ክንደይ ኪሎ ሜተር ትጓዓዝ፧

ለ) ኣብ 4 ሰዓት ክንደይ ሜተር ተጓዒዛ ማለት እዩ፧

10. ሓደ ሰብኣይ ኣብ 4 ሰዓት 32 ኪሎ ሜተር ይጓዓዝ።

ሀ) ኣብ ሓደ ሰዓት ክንደይ ኪሎ ሜተር ይጓዓዝ፧

ለ) ኣብ ሓደ ሰዓት ክንደይ ሜተር ይጓዓዝ፧

## 8.2 ክብደት

### ንጥፈት 8.4

1. ነዞም ዝስዕቡ ክብደቶም ጽሓፉ።

ሀ)




እዚ ዓሳ ክብደቱ ____ ግራም እዩ።

ለ)




እዚ ዓሳ ክብደቱ ____ ግራም እዩ።

ሐ)




እዘን መጻሕፍቲ ክብደተን
______ ግራም እዩ።

መ)




እዛ ባኮ ክብደታ
____ ግራም እዩ።



1 ኪሎ ግራም = 1000 ግራም



$\frac{1}{2}$ ኪሎ ግራም = 500 ግራም



$\frac{1}{4}$ ኪሎ ግራም = 250 ግራም



2. ናይ ነፍሲወከፍ ኣቕሓ ክብደት ብግራም ጽሓፉ።

ሀ)


500 ግ
300 ግ
ሚ ዛ ን

ለ)


1 ኪ.ግ
500 ግ
ሚ ዛ ን

ሐ)


ግራም
0
100
200
300
400

መ)


2 ኪ.ግ
ሚ ዛ ን

ረ)


ግራም
0
100
200
300
400
500

ሰ)


0
100
200

3. ነፍሲወከፍ መጽሓፍ 250 ግራም ትምዘን።

ናይ 3 መጻሕፍቲ ድምር ክብደት___ግራም እዩ።



4.




1200 ግ

ወይኒ



1350 ግ

ሀ) እዚ ዓሳ ዶ ወይ እዚ ወይኒ ይኸብድ፧

ለ) ብኽንደይ ግራም ይኸብድ፧

5. ዘይነብ 4 ኪሎን 500 ግራም ሽጉርትን፣

3 ኪሎን 500 ግራም ኮሚደርን ገዚኣ።

ሀ) ናይ ሽጉርትን ናይ ኮሚደርን ድምር ክብደት

ክንደይ ኪሎ ግራም እዩ፧

ለ)ሽጉርቲ ካብ ኮሚደረ ብኽንደይ ግራም ይኸብድ፧

6. ነዞም ዝስዕቡ ብግራም ጸሕፍዎም።

ሀ) 1 ኪ.ግ 450 ግ = 1000 + 450 =1450 ግ.

ለ) 3 ኪ.ግ 150 ግ   ሐ) 4 ኪ.ግ 80 ግ

መ) 5 ኪ.ግ 350 ግ   ረ) 7 ኪ.ግ 50 ግ

7. ነዞም ዝስዕቡ ናብ ኪሎ ግራም ለውጥዎም።

ሀ) 3000 ግ = 3000 ÷ 1000 = 3 ኪ.ግ

ለ) 8000 ግ    ሐ) 5000 ግ

መ) 3500 ግ    ሰ) 2500 ግ

8. ሓደ ዓቢ መጽሓፍ 5 ኪሎ ይምዝን። 6 ዓበይቲ መጻሕፍቲ ክንደይ ኪሎ ይምዝና፧

9. ክብደት ናይዛ ታኒካ ክንደይ ግራም እዩ፧

$\frac{1}{2}$ ኪሎ ግራም



10. ካብዚ ዓሳን ካብዚ ደርሆን ኣየናይኦም ይኸብድ፧ ብኽንደይ፧




$1\frac{1}{2}$ ኪ.ግ



$1\frac{3}{4}$ ኪ.ግ

11. ሃይለ 7000 ግራም ቡን ተሸኪሙ ።

ኣስቴር ውን 10 ኪሎ ሽኮር ተሸኪማ።

ሀ) ናይ መን ሸከም ይኸብድ፧

ለ) ብኽንደይ'ከ ይኸብድ፧

12.



ናፍዕ
28 ኪ.ግ



ብርሃነ
19 ኪ.ግ

ካብ ናፍዕን ብርሃነን
ሀ) መኖም ይኸብድ፧
ለ) ብኽንደይ ኪሎ ግራም፧

13. ክብደትኩም ምስ ናይ ናፍዕን ናይ ብርሃነን ክብደት ኣወዳድሩዎ።

## 8.3 ቅጺ

### ንጥፈት 8.5

1. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

ሀ) ናይ ንውሓት መዐቀኒ እንታይ ይበሃል፧

ለ) ናይ ክብደት መዐቀኒ እንታይ ይበሃል፧

ሐ) ካብ ናይ ፈሰስቲ መዐቀኒታት ጥቐሱ።



2. ኣብ ነፍሲወከፍ መትሓዚ ክንደይ ዝኣክል ማይ ኣሎ፧

ሀ) 


ለ) 


ሐ) 


መ) 


3. 

ኣነ ሎሚ መዓልቲ $\frac{1}{2}$ ሊተር ጻባ ሰትየ።
እዚ ክንደይ ሚሊ ሊተር እዩ፧

1 ሊተር = 1000 ሚሊ ሊተር
1 ሊ = 1000 ሚ.ሊ ተበሂሉ ይጻሓፍ።

$\frac{1}{2}$ ሊተር = 500 ሚሊ ሊተር
$\frac{1}{2}$ ሊ = 500 ሚ.ሊ ተበሂሉ ይጻሓፍ።



4. ናይ ነፍሲወከፍ መትሓዚ ትሕዝቶ ኣንብቡ።




ሀ) እዛ ጀሎን ክንደይ በራድ ጸባ ትሕዝ፧

ለ) እዛ ፊስቶ ክንደይ ጀሎን ማይ ትሕዝ፧

ሐ) እዛ በራድ ክንደይ ኩባያ ማይ ትሕዝ፧

5. ብወረቐት እተሰርሑ ኩባያታት ኣዳልዉ። ብ1ሊተር ማይ ክንደይ ኩባያታት ክትመልኡ ትኽእሉ፧




6. እዛ በራድ 600 ሚሊ ሊተር ሻሂ ትሕዝ።
   ክንደይ ኩባያ ትቕዳሕ፧






## ንጥፈት 8.6

1. ናይዞም ዝስዕቡ ጀሪካናት ትሕዝቶ ኣንቢብኩም ቀጺሎም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ።



ሀ) ካብ ኩለን ዝበዝሐ ዘይቲ ዝሓዘት ኣየነይተን ጀሪካን እያ፧

ለ) ካብ ኩለን ዝዋሓደ ዘይቲ ዝሓዘት ኣየነይተን ጀሪካን እያ፧

ሐ) እታ ዝዓበየት ጀሪካን ካብታ ዝነኣሰት ጀሪካን ክንደይ ሊተር ዘይቲ ዝያዳ ሒዛ ኣላ፧

መ) ጀሪካን "መ" ካብ ጀሪካን "ሐ" ብኽንደይ ሊተር ትዛይድ፧

ረ) ኣርባዕቲኤን ጀሪካናት ክንደይ ሊተር ዘይቲ ሒዘን ኣለዋ፧

2. ነዞም ዝስዕቡ ናብ ሚሊ ሊተር ለውጥዎም።

ሀ) 2 ሊተር = 2 ×1000 = 2000 ሚሊ ሊተር

ለ) 5 ሊተር ሐ) 7 ሊተር

መ) 4 ሊተር ረ) 12 ሊተር

3. ነዞም ዝስዕቡ ናብ ሊተር ለውጥዎም።

ሀ)3000 ሚሊ ሊተር = 3000 ÷ 1000 = 3ሊተር።

ለ) 6000 ሚሊ ሊተር ሐ) 9000 ሚሊ ሊተር

መ) 7000 ሚሊ ሊተር ረ) 3500 ሚሊ ሊተር

4. እዞም ዝስዕቡ ኣቑሑ ክንደይ ሚሊ ሊተር ማይ ይሕዙ፧










5. እዛ ፊስቶ ክንደይ ጀሪካን ማይ ትሕዝ፧






## ንጥፈት 8.7

### መጠቓለሊ ሕቶታት

1. ነዞም ዝስዕቡ ስርሑ።

ሀ) 5 ሜ = __ ሰ. ሜ   ለ) 12 ሜ = __ ሰ. ሜ

ሐ) 35 ሜ= __ ሰ. ሜ   መ) $6\frac{1}{2}$ ኪ. ሜ = __ሜ.

ረ)$1\frac{3}{4}$ ኪ.ሜ = __ ሜ   ሰ) $4\frac{1}{4}$ ኪ.ሜ = __ ሜ.

ሸ) 2000 ሜ =__ ኪ.ሜ.   ቀ) 3500ሜ =__ ኪ.ሜ.

2. ነዞም ዝስዕቡ ስርሑ።

ሀ) $2\frac{1}{2}$ ኪ.ግ = ___ ግ.   ለ) 23 ኪ.ግ =___ ግ.

ሐ) 500 ግ = __ ኪ.ግ   መ)1500 ግ = __ ኪ.ግ

3. ነዞም ዝስዕቡ ስርሑ።

ሀ) 2500ሚ.ሊ = __ ሊ.   ለ) 3000 ሚ.ሊ= __ ሊ.

ሐ)$5\frac{1}{2}$ሊተር= __ ሚ.ሊ.   መ) $2\frac{3}{4}$ሊተር= __ሚ.ሊ.

# ምዕራፍ 9

# ግዜ

**ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢት ምህሮ**

ኣብ መወዳእታ ናይዚ ምዕራፍዚ ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢታት፣

ሀ) ግዜ ብሰዓት፣ ብፍርቂ ሰዓትን ብርብዒ ሰዓትን ምግላጽ፣

ለ) ዕለታዊ ንጥፈታት ምስ ሰዓታት ግዜ ምዝማድ፣

## ንጥፈት 9. 1

1. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

ሀ) ኣብ መንጎ ንግሆን ፍርቂ መዓልትን ዘሎ ግዜ እንታይ ይበሃል፧

ለ) ጸሓይ ትዓርበሉ እዋን እንታይ ይበሃል፧

ሐ) ኣብ መንጎ ፍርቂ መዓልትን ጸሓይ ትዓርበሉ እዋን ዘሎ ግዜ እንታይ ይበሃል፧

መ) ድሕሪ ጸሓይ ምዕራባ ዘሎ እዋን እንታይ ይበሃል፧

ረ) ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ እዋናት ፍሉጥ ሰዓታት'ዶ ኣለዎም፧

2. ሰዓት ክንደይ ካብ ድቃስኩም ትበራበሩ፧

3. ሰዓት ክንደይ ናብ ትምህርትኹም ትኸዱ፧

4. ሰዓት ክንደይ ካብ ክፍልኹም ዕረፍቲ ትወጹ፧

5. ሰዓት ክንደይ ካብ ትምህርትኹም ንገዛኹም ትምለሱ፧

6. ሰዓት ክንደይ ምሳሕኩም ትበልዑ፧

7. ሰዓት ክንደይ ድራርኩም ትበልዑ፧

8. ሰዓት ክንደይ ትድቅሱ፧

## ንጥፈት 9.2

ግዜ ብናይ ኢድ ወይ ብናይ መንድቕ ሰዓት ይፍለጥ። ሰዓት ናይ ሰዓትን ናይ ደቂቕን ምልክት ኣለዋ።




1. ነዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ተኸቲልኩም ነፍሲወከፍ ሰዓት ክንደይ ከም ትብል ዘላ ግለጹ።

ሀ)




ሰዓት ሸሞንተን ፈረቓን

ለ)




ሰዓት ዓሰርተ

ሐ)



መ)



ሰዓት ዓሰርተን ርብዕን

ሰዓት ሓደ ርብዒ ጎደል

ረ)



ሰ)



ሸ)



ቀ)



በ)




ተ)




ቸ)




ነ)




2. ነዞም ዝስዕቡ ግዜ ሰዓት ሲኢልኩም ኣርእዮዎም።

ሀ) ንሰዓት ሓሙሽተ ርብዒ ጎደል

ለ) ሰዓት ዓሰርተን ርብዒን

ሐ) ሰዓት ዓሰርተ ሓደን ፈረቓን

መ) ሰዓት ትሽዓተ

ሰ) ሰዓት ሸውዓተ

ረ) ሰዓት ሓደን ፈረቓን

ሸ) ሰዓት ክልተን ፈረቓን

ቀ) ፍርቂ መዓልቲ ርብዒ ጎደል

በ) ሰዓት ኣርባዕተን ፈረቓን

## ንጥፈት 9.3

### መጠቓለሊ ሕቶታት

1. ሰዓት ክንደይ ተመልክት፧

ሀ




ለ




ሐ




መ




2. ነዞም ተዋሂቦም ዘለው ግዝያት ሰዓት ሲኢልኩም ኣመልክቱ።

   ሀ) ንሰዓት ሸዱሽተ ርብዒ ጎደል

   ለ) ሰዓት ክልተን ፈረቓን

   ሐ) ሰዓት ሓሙሽተን ርብዕን

# ምዕራፍ 10

# ገንዘብ

**<u>ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢት ምህሮ</u>**

ኣብ መወዳእታ ናይዚ ምዕራፍዚ ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢታት፡

ሀ) ምስ ኩሎም ሕታማት ባጤራ ኤርትራ ምልላይ፡

ለ) ዝተዋህበካ ባጤራ ምሽራፍን ምጥቕላልን፡

ሐ) ምስ ገንዘብ ዝተታሓሓዙ ግድላት ምፍታሕ።

## ንጥፈት 10.1

ኩለን ኣብ ዓለም ዘለዋ ሃገራት ናይ ገዛእ ርእሰን ባጤራ ኣለወን። ባጤራ ኤርትራ ናቕፋ ይበሃል።

1.



# ባጤራ ኤርትራ፡


1 STATE OF ERITREA 1
ONE NAKFA
20 STATE OF ERITREA 20
20 TWENTY NAKFA 20
5 BANK OF ERITREA 5
5 FIVE NAKFA 5
50 BANK OF ERITREA 50
50 FIFTY NAKFA 50
10 STATE OF ERITREA 10
10 TEN NAKFA 10
100 BANK OF ERITREA
100 ONE HUNDRED






2. ነዞም ዝስዕቡ ብኽንደይ ናቕፋ ትጥቕልልዎም፡
ንኣብነት፡



= <u>2 ናቕፋ</u>

ሀ) 

= _____

ለ) 

=____

ሐ)



BANK OF ERITREA
FIVE NAKFA
BANK OF ERITREA
FIVE NAKFA
STATE OF ERITREA
TEN NAKFA


= __

መ)



STATE OF ERITREA
ONE NAKFA
STATE OF ERITREA
ONE NAKFA
STATE OF ERITREA
ONE NAKFA
STATE OF ERITREA
ONE NAKFA
STATE OF ERITREA
ONE NAKFA


= __

ረ)



BANK OF ERITREA
FIFTY NAKFA
BANK OF ERITREA
FIFTY NAKFA


= ___

ሰ)



= __

ሸ)



= ___

3. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱዎም።

ንኣብነት፡ 20 ናቕፋ ክንደይ ነናይ 5 ናቕፋ ትኸውን፡



<u>መልሲ</u>፡ 20 ÷ 5 = 4 ነናይ 5 ናቕፋ ትኸውን።

ሀ) 10 ናቕፋ ክንደይ ነናይ 5 ናቕፋ ትኸውን፧




ለ) 50 ሳንቲም ክንደይ ነናይ 10 ሳንቲም ትኸውን፧




ሐ) 50 ናቕፋ ክንደይ ነናይ 10 ናቕፋ ትኸውን፧




4. ነዞም ዝስዕቡ ብሳንቲም ጽሓፍዎም።

ሀ) 2 ናቕፋን 50 ሳንቲምን = 200 + 50 = 250 ሳንቲም።

ለ) 3 ናቕፋን 5 ሳንቲምን = 300 + 5 = 305 ሳንቲም።

ሐ) 1 ናቕፋን 75 ሳንቲምን =

መ) 4 ናቕፋን 25 ሳንቲምን =

ረ) 8 ናቕፋን 40 ሳንቲምን =

ሰ) 4 ናቕፋን 50 ሳንቲምን =

## ንጥፈት 10.2

1. ሓደ ሰብ 2 መንዲል ገዚኡ። ሓንቲ ብ 5 ናቕፋን 50 ሳንቲምን፡ እታ ካልኣይቲ ከኣ ብ 7 ናቕፋን 25 ሳንቲምን ገዚእወን። ንኽልቲኤን መንዲል ክንደይ ከፊሉ፧

2. ሓንቲ ሰበይቲ 3 ኪሎ ሽጉርቲ ብ12 ናቕፋን 75 ሳንቲምን፡ 4 ኪሎ ኮሚደረ ከኣ ብ8 ናቕፋን 25 ሳንቲምን ገዚኣ። ብድምር ክንደይ ከፊላ፧

3. ሓደ ሰብኣይ ሓንቲ በጊዕ ብ 475 ናቕፋ ገዚኡ። እቲ ገዛኢ ነቲ ሸያጢ 500 ናቕፋ እንተ ከፊልዎ፡ ብዓል በጊዕ ክንደይ ማልስ ይህቦ፧

4. ናስር 3 ደርሆ ገዚኡ። ዋጋ ሓንቲ ደርሆ 50 ናቕፋ እንተኾይኑ፡ ናስር ክንደይ ናቕፋ ኸፊሉ፧

5. ለምለም 4 ኪሎ ዓሳ ገዚኣ። ዋጋ 1 ኪሎ ዓሳ 12 ናቕፋ እንተኾይኑ። ለምለም ክንደይ ከፊላ፧




6. ዋጋ ሓንቲ ርሳስ 50 ሳንቲም እንተ ኾይኑ። ዋጋ 3 ርሳስ ክንደይ ሳንቲም ይኸውን፧



7. ዋጋ ሓንቲ መጽሓፍ 4 ናቕፋን 50 ሳንቲምን እዩ። 2 መጻሕፍቲ እንተገዛእኩ፥



ሀ) ክንደይ ናቕፋ እኸፍል፧

ለ) 10 ናቕፋ ሂበዮ። ክንደይ ማልስ እወስድ፧

8. ዋጋ ሓደ ኪሎ ባናና 2 ናቕፋን 50 ሳንቲምን እንተ ኾይኑ፡ዋጋ 3 ኪሎ ባናና ኽንደይ ይኸውን፧



9. ፋጡማ 10 ባኒ ገዚኣ። ዋጋ ሓንቲ ባኒ 35 ሳንቲም እዩ።

ሀ) ፋጡማ ክንደይ ከፊላ፧

ለ) ፋጡማ 5 ናቕፋ እንተ ሂባ፡ ክንደይ ይምለሳ፧




## ንጥፈት 10.3

### መጠቓለሊ ሕቶታት

1. ነዞም ዝስዕቡ ስርሑ፡

ሀ) 5 ናቕፋ ክንደይ ነናይ ሓምሳ ሳንቲም ይኾና፧

ለ) 50 ናቕፋ ክንደይ ነናይ ሓሙሽተ ናቕፋ ይኾና፧

ሐ) 100 ናቕፋ ክንደይ ነናይ ዓሰርተ ናቕፋ ይኾና፧

መ) 10 ናቕፋ ክንደይ ነናይ ሓምሳ ሳንቲም ይኾና፧

2. ነዞም ዝስዕቡ ብሳንቲም ጽሓፉ፡

ሀ) 3 ናቕፋን 70 ሳንቲምን

ለ) 7 ናቕፋን 40 ሳንቲምን

ሐ) 10 ናቕፋን 10 ሳንቲምን

መ) 12 ናቕፋን 25 ሳንቲምን

3. ነዞም ዝስዕቡ ግድላት ስርሑ፣

ሀ) ናይ ሓደ ኪሎ በርበረ ዋጋ 120 ናቕፋ እዩ።
ዋጋ ናይ 13 ኪሎ በርበረ ርኸቡ።

ለ) ዋጋ ናይ 14 ኣባጊዕ 2800 ናቕፋ እዩ። ናይ
ሓደ በጊዕ ዋጋ ክንደይ እዩ፧

ሐ) ናይ ሓንቲ ላም ዋጋ 5600 ናቕፋ እዩ።
ናስራ ኣብ ጅብኣ 6150 ናቕፋ ኣለዋ።
ናስራ ላም ምስ ገዝአት ክንደይ ናቕፋ ተሪፍዋ፧

# ምዕራፍ 11

# ምእካብን ምምስራሕን ሓበሬታ

<u>ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢት ምህሮ</u>

ኣብ መወዳእታ ናይዚ ምዕራፍዚ ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢታት፡

ሀ) ካብ ከባቢ ሓበሬታ ብምእካብ ኣብ ግራፍ ምስኣልን ምግላጽን፡

ለ) ካብ ዝተዋህበ ግራፍ ሓበሬታ ብምርካብ ውሳኔ ናይ ምሃብ ክእለት ምምዕባል፡

ሐ) ናይ ተኽሎታት ኣምር ምስ ናይ ምቍጻርን ምውሳንን ሓሳባት ምውህሃድ።

## 11.1 ምምዝጋብ ሓበሬታ

### ንጥፈት 11.1

1. ፋጥና ኣብ ሓሙሽተ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 10 ከምዚ ኣብዚ ግራፍ ዘሎ ነጥቢ ረኺባ።




ሀ) ኣበየናይ ዓይነት ትምህርቲ ዝልዓለ ነጥቢ ረኺባ፧

ለ) ኣበየናይ ዓይነት ትምህርቲ ዝተሓተ ነጥቢ ረኺባ፧

ሐ)ኣየናይ ዓይነት ትምህርቲ ዝነውሐን ግራፍ ኣለዎ፧

መ) ኣየናይ ዓይነት ትምህርቲ ዝሓጸረ ግራፍ ኣለዎ፧

ረ) ኣብ መንጎ ዝነውሐን ዝሓጸረን ግራፍ ዘሎ

ፍልልይ ክንደይ እዩ፧

ሰ) ድምር ናይ ኩሎም ዓይነት ትምህርቲ ነጥቢ

ክንደይ እዩ፧

ሸ) ዝረኸብክምዎ ድምር ነጥቢ ናብ 5 ምቕልዎ።

እዚ ገምጋም ይበሃል።

2. ኣብ ናይ ሳልሳይ ክፍሊ ናይ ቊጽሪ ፈተና ካብ 10፡ 5 ተማሃሮ ከምዚ ዝስዕብ ኣምጺኦም። ኣዜብ 7፡ ዓዚዛ 6፡ በሽር 9፡ በርሀ 5 ዳዊት 8 ረኺቦም።

ሀ) ነዞም ዝተጠቐሱ ነጥብታት ዘርኢ ግራፍ ስኣሉ።

ለ) እቲ ዝነውሐ ግራፍ ናይ መን ዩ፧

ሐ) እቲ ዝሓጸረ ግራፍ ናይ መን እዩ፧

መ) ኣብ መንጎ እቲ ዝነውሐን ዝሓጸረን ግራፍ ዘሎ ፍልልይ ክንደይ እዩ፧

ረ) ድምር ነጥቢ ናይ ሓሙሽትኦም ክንደይ እዩ፧

ሰ) ዝረኸብክምዎ ድምር ነጥቢ ናብ 5 ምቕልዎ።

ሸ) ገምጋም ነጥቢ ክንደይ እዩ፧

3. እዚ ባር ግራፍ ሓደ ኲባንያ ኣብ 6 ኣዋርሕ ዝሸጠን ብዝሒ መካይን የርኢ።




ሀ) ኣብ ወርሒ መጋቢት እታ ኲባንያ ክንደይ መካይን ሸይጣ፧

ለ) ኣበየናይ ወርሒ እታ ኲባንያ ትሕቲ 10 መካይን ሸይጣ፧

ሐ) ኣበየናይ ወርሒ እታ ኲባንያ ዝዋሓደ መካይን ሸይጣ፧

መ) ኣበየናይ ወርሒ  እታ ኲባንያ ዝበዝሐ መካይን ሸይጣ፧

ረ) ኣብ መንጎ ዝነውሔን፣ ዝሓጸረን ግራፍ ዘሎ

ፍልልይ ክንደይ እዩ፧

ሰ) ድምር ናይ 6 ወርሒ ዝተሸጣ መካይን ክንደይ እዩ፧

ሸ) ዝረኸብክምዎ ድምር ናይ 6 ወርሒ ዝተሸጣ መካይን ናብ 6 ምቕልዎ።

ቀ) ገምጋም ዝተሸጣ መካይን ክንደይ እዩ፧

## 11.2 ተኽእሎታት

### ንጥፈት 11.2

1. ሓሙሽተ ሳንቲም ንላዕሊ እንተደርቢናያ፣

   ሀ) ኣየናይ ገጹ ናይ ምርኣይ ተኽእሎ ኣሎ፧

   ለ) ሰራዊት ናይ ምርኣይ ተኽእሎ ክንደይ እዩ፧

   ሐ) እንስሳ ዘገዳም ናይ ምርኣይ ተኽእሎ ክንደይ እዩ፧

2. ዝተፈላለየ ብቑጽሪ መጻወቲ ኣሎ። ንኣብነት ከምዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ 1፣ 2፣ 3፣ 4፣ 5፣ 6 ዝተጻሕፎ ንውሰድ።




ነፍሲወከፍ ተማሃራይ ሓደ ቍጽሪ ይምረጽ።

ብምቕጻል ነዛ መጻወቲት 6 ግዜ ኣዝውርዋ። ውጺኢት

ከኣ ብኸምዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ጌርኩም መዝግብዎ።

| ቍጽሪ ፈተነ | ታልይ | ውጺኢት |
|---|---|---|
| 1 | | |
| 2 | | |
| 3 | | |
| 4 | | |
| 5 | | |
| 6 | | |

ሀ) ኣየናይ ቍጽሪ ዝያዳ ተራእዩ፧

ለ) ኣየናይ ቍጽሪ ውሑድ ተራእዩ፧

ሐ) መን ኣብዛ ጸወታ ተዓዊቱ፧

መ) መን ኣብዛ ጸወታ ሓንቲ ከይረኸበ ተሪፉ፧

ሰ) ናይ ንፍሲወከፍኩም ክንደይ ግዜ ተራእያ፧

3. ሰለስተ ካርድታት | 1 | | 2 | | 3 | ዝተጻሕፈን ኣለዋ።

ሀ) 2ን 3ን ተጠቒምኩም በዓል ክልተ ኣሃዝ ቍጽሪ ጸሓፉ።

ለ) 1ን 2ን ተጠቒምኩም በዓል ክልተ ኣሃዝ ቍጽሪ ጸሓፉ።

ሐ) 1ን 3ን ተጠቒምኩም በዓል ክልተ ኣሃዝ ቍጽሪ ጸሓፉ።

መ) ብድምር ክንደይ በዓል ክልተ ኣሃዝ ቍጽሪ ጽሒፍኩም፧

ረ) 12 ናይ ምጽሓፍ ዘሎና ዕድል ክንደይ እዩ፧

## ንጥፈት 11.3

### መጠቓለሊ ሕቶታት

1. ናይ 8 ተማሃሮ ካብ 10 ዝተፈተንዎ ናይ ቍጽሪ ውጽኢት ከምዚ ኣብ ግራፍ ዘሎ እዩ።




ሀ) ናይ ኣደም ነጥቢ ክንደይ እዩ፧

ለ) ናይ ብርኽቲ ነጥቢ ክንደይ እዩ፧

ሐ) ዝለዓለ ነጥቢ ዝረኸበ ተማሃራይ መን እዩ፧

መ) ዝተሓተ ነጥቢ ዝረኸበ ተማሃራይ መን እዩ፧

ረ) ድምር ነጥቢ ናይ ኩሎም ተማሃሮ ክንደይ እዩ፧

ሰ) ገምጋም ነጥቢ ተማሃሮ ክንደይ
ይኸውን፧

2. ነፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ሓሓደ ናይ 10 ሳንቲም ይሓዝ። ዝሓዛ 10 ሳንቲም ሰሰለስተ ግዜ ይደርቢ። ብላዕሊ ዝረአዮ ገጽ ይመዝግብ።

ሀ) ሓደ ዓይነት ገጽ ጥራይ ዝረአዩ ኣለውዶ፧

ለ) ክልተ ሓደ ዓይነት እቲ ሳልሳይ ከኣ በይኑ
ዝረኣዩ'ኽ ኣለውዶ፧

ሐ) ክልቲኦም ገጻት ናይታ ሳንቲም ማዕረ ዕድል
ኣለዎምዶ፧

3. ነፍሲወከፍ ተማሃራይ 1፡ 2፡ 3፡ ዝተጻሕፍዎም
ሰለሰተ ካርድታት የዳሉ።

ሀ) ብጕጅለ ኼንኩም ዝተፈላለዩ በዓል ሰለስተ
ኣሃዝ ቍጽርታት ስርሑ። ዝሰራሕኩምዎም
ኣሃዛት መዝግብዎም።

ለ) ነፍሲወከፍ ጕጅለ ክክንደይ ኣሃዝ ጽሒፉ፧

4. ራሕማን፡ ሄለንን ኣብ 2ይ ክፍሊ ክምዚ ዝስዕብ
ነጥቢ ኣምጺኤን።

| ዓይነት ትምህርቲ | ራሕማ | ሄለን |
|---|---|---|
| ቍጽሪ | 96 | 87 |
| እንግሊዝ | 89 | 95 |
| ስነፍልጠት | 85 | 84 |
| ማሕበራዊ ትምህርቲ | 79 | 77 |

መኒኣን ዝልዓለ ነጥቢ ረኺባ፧